# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.219 ረቡዕ 14 ግንቦት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዓወት ኤርትራ ኣብ...



ገጽ 4
ብቕዓትን ድሕነትን...



ገጽ 9
ሃንቀውታ ባሕሪ - ሣንታ በዓቲ ኣለጎሪ

ገጽ 11
ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓይልታት ምክልኻል...




## ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጠራ ተገሊጹ

መንግስቲ ኤርትራ፡ ብኸኢ ዓቕሙን ምስ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ ብምትሕብባርን ኣብ ዝሓለፈ 34 ናይ ናጽነት ዓመታት ዝሰርሖን ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ብሓፈሻ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ድማ ብፍላይ ልዑል ግደ ከምዘበርከተ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ፡ ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነት ኣስታት 130 ጥራይ ዝነበራ ቀጽሪ ዲጋታት፡ ኣብ'ዚ እዋን ብሸዱሽተ ዕጽፊ ብምውሳኽ ናብ ኣስታት 840 ክብ ከምዝበለ ተፈሊጡ።

እዘን ካብ ደረጃ ስትራተጅያውያን ዲጋታት ክሳብ መጠነ ንኡስ ዲጋታትን ዲጋ ከትርን ዝዝርጋሓ ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሰብን ጥሪትን ዝፈጠርኦ እፎይታ፡ ንልምዓት ኣሕምልቲ ብሸዱሽተ ዕጽፊ፣ ንልምዓት ፍረታት ድማ ብ71 ዕጽፊ ከምዝዐበየኦ እቲ ጸብጻብ ይጠቕስ።

ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ተጠቀምቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እዘን ድሕሪ ናጽነት ዝተሰርሓ ዲጋታት፡ ኣብ ሰብን ጥሪትን ከምኡ'ውን ኣብ ምስፋሕ ጀራዲንን መስኖኣዊ ልምዓትን ዓቢ ድርኺት ይፈጥራ ምህላወን'የም ዝገልጹ።

ኤርትራ እትርከበሉ ክፋል ዓለም፡ ንደርቅን ምድረበዳታትን ዝተቓልዐ ብምዃኑ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ንንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ካብ ቀንዲ ቀዳምነታቶም ሰሪዮም ይሰርሑሉ ከምዘለዉ ዝፍለጥ'ዩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት፡ ልዕሊ 276 ሽሕ ሄክታር ኣብ መሬት ሕርሻ፣ ልዕሊ 129 ሽሕ ሄክታር ድማ ኣብ ማይክዖታት ሰፈሕ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምዝተተግበረ ጸብጻባት ይሕብሩ።




## ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ብ11 ግንቦት ኣብ ቀጽሪ ኣሃዱ ማሕበራዊ ተሃድሶ ዞባ ማእከል፡ ማእቶታዊ ንጥፈታትን ናይ ምዝንጋዕ መደባትን ኣካዪዶም።

እቲ ማእቶታዊ ስራሕ፡ ጽሬት ቀጽርን ተኣልይትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ተሃድሶ ዞባ ማእከል ኣቶ ክፍሎም ተኪአ ኣብ ዘሎ ሓበሬታ፡ ተኣልይቲ ኺ-ኺ'ቲ ብመንግስቲ ዝነበረሎም ናብዮትን ክንክንን ዜጋታት ብውልቂ ይኹን ብእኩብ ዝገበሩሎም ሓገዛት፡ መርኣያ ጭዋ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ብኹሉ ክሰዮብ ጸዊዑ።

ኣወሃሃዲት ናይ'ቲ መደብ ድማ፡ እቲ ዝተኻየደ ንጥፈት፡ ማሕበር ብጥርኑፍ ንኻይ ግዜኡ ዝገበሮ ምዃኑ ሓቢራ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ካብ ጀርመን ዝመጹት ወ/ሮ ፋኑስ ዑቕባይ፡ ንማሕበር 20 ሰ ኣሻፉን ብምውካል፡ ንኣሃዱ ማሕበራዊ ተሃድሶ ዞባ ማእከል ናይ ክዳውንቲ ሓገዝ ኣረኪቡ።




## ሓጋዝ - ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን፡ ኣብ ምድንፋዕ ዘመናዊ ሕርሻ ኣበርክቶ ትገብር



ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ተጠቒምካ እቶታውነት ሕርሻ ንምዕባይን ብዓይነት ንምልዋጥን ኣስተዋጽኦ ትገብር ኣላ።

ሓላፊ ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር መልኣከ ብርሃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዘካይድዎ ንጥፈታት፡ ምስናቕ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ሞያን፣ ምድላውን ምትካልን ፈልሲታት፣ ናይ ሸቐለት ዕድላት ምፍጣር፣ ከምኡ'ውን ፍርያት ኣብታ' ቤት-ትምህርቲ ዝርከብ ትካላት ብርትዓዊ ዋጋ ንህዝቢ ምቕራብ ከምዝጠቓልል ሓቢሩ።

ፋብሪካ ማልማላታ፡ ፋብሪካ ጸባን ውጽኢቱን ፋብሪካ ክቲትን፡ ገለ ብስሩዕ ገለ ድማ ወቕቲ ሓልዮን ዝሰርሓ'ኳ እንተኾኑ፡ ህዝቢ ብርትዓዊ ዋጋ ተረባሒ ዲጋታት ከብበኡ ኩይኑ ምህላዉ ዝጠቐሰ መምህር መልኣከ፡ ንተመሃሮ ብዮዙበርን ክልሱ-ሓሳብን ዝወሃብ ዓውደ-ትምህርቲ ስነ-እንስሳ፡ ስነ-ኣትክልቲ፡ ኣግሮ መካኒክ፡ ስነ-ምዕቃብ ማይን ሓመድን ልምዓት መስኖን ምስ'ተን ፋብሪካታት ምትእስሳር ስለዘለዎ፡ ምርምራትን ርኽበታትን ተመሃሮ እናማዕበለ ይመጽእ ከምዘሎ ኣገሊጹ።

ሓለፍቲ ናይ'ተን ዓውደታት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን መምህራንን ሰራሕተኛታትን ብወገኖም፡ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ ዓጠቓቶ ዘላ መሳርሒታት፡ ብኹሉ መለክዒታት ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምትእትታው ዘመናዊ ሜላታት ሕርሻን ዝምስገን ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ረኺቦሞ ዘለዉ ዕድላት ብዝበለጸ ክምዝምዘዎ ጸዊዖም።

ኣብ 1999 ስርሓ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ዛጊት 1,147 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 3,097 ተመሃሮ ብኣርባዕተ ዓውድታት ትምህርቲ ከምዝመረቐት ሰነዳት የረድኡ።

**መስመርና ድርዕና!**

ዜና

# ሃገራዊ ማሕበር ኣንስተቲስትስ ኤርትራ፡ ቀዳማይ ዓመታዊ ዋዕላ ኣቃኒዑ

ሃገራዊ ማሕበር ሞያውያን ሕክምናዊ ምድንዛዝ ማለት 'ኣንስተቲስትስ'፡ ብ10 ግንቦት ኣብ ኣስመራ ቀዳማይ ዓመታዊ ዋዕላ ብምክያድ፡ ኈስጋስ ትግባረ ኣብ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ዝበረ ውጥን ስራሕ ገምጊሙን ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ዘትዩን።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሚካኤል ሃይለ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃሉ፡ ኣብ 2019 መሰረቱ ጉባኤ ዘቖመ ሃገራዊ ማሕበር ሞያውያን ሕክምናዊ ምድንዛዝ ኤርትራ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ብሉጽ ሞያዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ምስራሕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ቡብእዋኑ ዝውደብ ተመክሮ ናይ ምልውዋጥ ስልጠናታትን ኣገደስቲ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ናይ ምዝርጋሕ መደባትን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ገሊጹ።

ደረጃታትን ብቕዓትን ናይቲ ቡብእዋኑ ዝፈሪ ወጽኢት ቴክኖሎጂ መሳርሒታትን መድሃኒታትን ሰዕምድንዛዝ ዝምልከት መብርሂ ዝሃበ ኣቶ ሚካኤል፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሳላ ብቑዕ. ከተኣታትዎም ዝጸንሐ ዘመናዊ ማሽናትን ኣብ ዓቕሚ-ሰብ ዝገበሮ ዝፍ ወፍሪን ብዘተደለበ ፍልጠትን መሳርሕን፡ እቲ ኣገልግሎት ዓይነታዊ ለውጢ ኣምጺኡ ከምዝሎ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሃገርና ዝተኣታተወ ገለ ክፋል ኣካላት ብምድንዛዝ ዝፍጸም መጥባሕትታት ጥቕምታቱን ስልጠናታትን ረብሓታቱን ከምኡ'ውን ኣብ ኣገልግሎት መወልዳን ተኣታቲዩ ዘሎ ኣገባብ ምድንዛዝን ኣገዳስነቱን ዝምልከት መግለጺታት ብሞያውያን መንእሰያት ቀሪቡን ዘቲ ተኻዪዱሉን።

ኣብ መወዳእታ ዋዕለኛታት፡ ንክልተ ዓመት ንማሕበር እትመርሕ ኣካያዲት ኣካል መሪጾም።



ስእሊ. በረኸት የማነ



# ማይ-ምነ - ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ቴለፎን ንምስፋሕ ትሕተ-ቕርጺ ይዋደድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ፡ ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ንምስፋሕ ሓደሽ ትሕተ-ቕርጺ መራኸቢታት ይዋደድ ኣሎ።

እዚ ምዕቡል መሳርሒታት ርኹብ፡ ግምቢ ማለት ታወር፡ ከምኡ'ውን ጸሓያዊ ጸዓት ዝዓጠቐ መደበር፡ ብምውህሃድ ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒከሽን ኤርትራን ኩባንያ ሓፈሻዊ ህንጻት ብደሆን ዝሰርሑ ዘሎ ኩይኑ፡ እቲ ዝዓበየ ክፋሉ ከምዝተዛዘመ ተፈሊጡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ ሌተናል ኮሎኔል ኣብርሃም ሃይለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ኣቀማምጣ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ሰፊሕ ከባቢታት ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ቴለፎን ክረኽብ ከምዝጸንሐ ብምጥቃሱ እቲ ዝዋደድ ዘሎ ፕሮጀክት ምስ ተዛዘመ ግና እቲ ሽግር ክቕንጠጥ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ኣገልግሎት ቴለፎን ካብ ቀንዲ ጠለባት ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ከምዝኾነ ጠቒሱ ድማ፡ ምውዳድ ናይ'ዚ መራኸቢ ትሕተ-ቕርጺ፡ ነቲ ህዝቢ ብቐጻሊ ክሳተሉ ዝጸንሐ ጠለብ ዝምልስ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብ ኣሰላጦ መንግስታዊ ስራሓት'ውን ዓቢ ፍታሕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ካብ ከተማ መንደፈራ ንሸነኽ ደቡብ ኣስታት 90 ኪሎሜተር ርሒቑ ዝርከብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ፡ ኣብ 17 ምምሕዳራት ከቢቢ ዝጥርኑ 76 ዓድታት ኣለዉኡ።



ስእሊ. ፉልሞን ትካቦ

# ኣቑርደት - መንሱራ፡ ጽጉማት ስድራቤታት ብጥሪት ተጣዩሰን

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት ጽጉማት ወገናት ንምቕላል ብዘወስዶም ዘሎ ተበግሶታት፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣቑርደትን መንሱራን ዝርከባ ስድራቤታት ብጥሪት ተጣዩሰን።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ ካብ ምምሕዳራት ከቢቢ መንሱራ፡ ዓደከኩዩ፡ ደሉክ፡ ጉላን ዓድ መንታይን ዝተሰለየ 6 ጽጉማት ስድራቤታት ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ጥሪት ከምዝተጣየሳ፡ ተጸዋዒ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣቶ ዓይናም የማነ ሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ካብ ምምሕዳራት ከቢቢ ሓዋጉ፡ ደገሰይ፡ እንደረቑብ ደረት፡ ኢንገርነ ምምሕዳር ከቢቢ 01 ከተማ ኣቑርደትን እውን፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ 6 ስድራቤታት ከምዝተጣየሳ፡ ተጸዋዒ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣቶ ግርማይ ጉብረትንሳኤ ሓቢሩ።

እተን ስድራቤታት ብወገነን፡ ሳላ'ቲ ብህዝበን መንግስትን ዝግበረለን ዘሎ ቀጻሊ ደገፍ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሽግራተን ከቃልላ ከምዝበቕዓ ብምጥቃስ፡ ካብ ተጸባይነት ንምግላጋል ኣበርቲዐን ከምዝሰርሓ ኣረጋጊጸን።

# ሞልቀ - ኣብ መደበር ጥዕና እንዳጋብር መጸበዩ ነፍሰ-ጾራት ተዋዲዱ

ኣብ መደበር ጥዕና እንዳጋብር - ንኡስ ዞባ ሞልቀ ብኮም ዝተዋደደ መጸበዩ ነፍሰጾራት፡ ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ነርስ በራኺ ዘርኣይ ሓቢሩ።

ምስ ምውዳድ ናይቲ መጸበዩ ነፍሰ ጾራት፡ መጠን ኣብታ መደበር ጥዕና ዝሓላለ ነፍሰጾራት ብ14 ሚእታዊት ክፅቢ ከሎ፡ ካብ'ተን ኣብ'ታ መደበር ጥዕና ዝተገላገላ 356 ኣዴታት እተን 141 ኣብ መጸበዩ ነፍሰጾራት ናብዮት ዝረኸባ ምኻነን ኣረዲኡ።

ኣብ መደበር ጥዕና ብዘይካ'ቶም ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ዘተኩሩ ኣገልግሎታት፡ ክትትል ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ክታበት ህጻናት፡ ቀዳማይ ረድኤት፡ ወለንታዊ መርመራን ክትትል ዘይተመሓላለፍቲ ሕሞማትን ዘጠቓልሉ ኣገልግሎታት ይወሃብ።

ተገልጋልቲ ብወገኖም፡ ህላወ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ብሓፈሻ ኣብ'ታ ትካል ጥዕና ዝተዳለወ መጸበዩ ነፍሰጾራት ድማ ብፍላይ ዓቢ ረብሓ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ንዝረኽብኦ ዘለዋ ኣገልግሎት መጒሶም።

ብኻልእ ወገኑ መደበር ጥዕና ቀርጃት - ንኡስ ዞባ ሓልሓል እትህቦ ኣገልግሎት እናሰፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ነርስ ሃሸም ሁመድ ሐቢሩ።

ብፍላይ ኣገልግሎት ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ናይ ዝረኸባ ኣዴታት ቁጽሪ ይዛይድ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ነርስ ሃሸም፡ ኣብ'ተን ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ ዝመጻ ነፍሰጾራት ቁጽሪ ንምብራኹ ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ይሰርሕ ምህላዉ ኣንጺሩ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓወት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዓለማዊ ለብዒ ንፍዮ

## ኤርትራ ካብ ዘመዝገበቶ ገስጋስ ክታበት ብጽማቕ

ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቖመ 'ዓለም ለኻዊ ህጹጽ ረድኤት ንህጻናት' ወይ ከኣ ቡቲ ልሙድ መጸውዒ 'ዩኒሴፍ' ዘቐረቦ ጸብጻብ፡ ሕማም ንፍዮ ብደረጃ ዓለም ይላባዕ ከም ዘሎን፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ጥራይ ኣስታት ሰለስተ ርብዒ ህጻናት ዓለም ኣብ ዝነበሩለን 100 ሃገራት ለብዒ ንፍዮ ከጥቅዕ ምጀመሩን የረድእ። ኣብዚ እዋን ብንፍዮ ይጥቃዓ ካብ ዘለዋ ሃገራት፡ ገለኣን ኣቐድም ኣቢለን ንፍዮ ካብ ገጽ መሬተን ከም ዘጥፈኣኦ ክንገረለን ዝጸንሓ ምኻነን እቲ ጸብጻብ የረድእ።

ህጻናት ብንፍዮ ከይተሓዙን ናብ ካልኦት ከኣ ከየሰጋግሩን፡ ክታበት ዝበለጸ ኣማራጺን ውሑስ ኣገባብ መከላኸልን ይኹን ደኣ እምበር፡ ብደረጃ ዓለም ብዙሓት ዘለዎም ህጻናት እዚ ዕድላት ክንክብ እዚ ኣይረኸቡን። ክታበት ንፍዮ 99 ሚእታዊት ካብቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ኣድማዕነት ዘለዎ'ኳ እንተ ኾነ፡ ዓለማዊ ሽፈን ክታበት ካብቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝተሓተ ስለ ዝኾነ፡ ለብዒ ንፍዮ ንኽብርገስ ዕድል ዝሁብ ሃዋህው ክፍጠር ጸኒሑ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ብዙሓት ወገናት ሰኣን ክታበት ግዳያት እዚ ሕማም ክኾኑ ጸኒሖም።

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሓያሎ ዓመታት ዝርጋሐ ክንዮ እቲ ኪጋጥም ዝጸንሐ ብድሆታት፡ ኤርትራ ኣብ መኸተ ሕማም ንፍዮ ኣድማዒ ስጉምትታት ክትወስድ ጸኒሓ እያ። ንህጻናት ካብቲ



ሕማም ንምክልኻል፡ ኤርትራ ዘካየደቶ ጻዕርን ዘመዝገበቶ ገስጋስን ብሓፈሻዊ ስእሊ ንምብራህ እዚ ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ።

ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊሉ ክሰጋገር ዝኽእል - ብቫይረስ ዝፍጠር ንፍዮ፡ ብርቱዕ ረስንን ዕንፍሩር ቁርበትን ዘርኢ፡ ዑረት ክፈጥር ዝኽእል፡ ሓንጎል ኣሕቢጡ ናብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ሕማም እዩ። ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃን ኤስያን ኣብ ዝርከቡ ቈልዑ፡ ንፍዮ ሓደ ካብ'ቶም ቀተልቲ ሕማማት ምኻኑ ይፍለጥ። ኣብዚ እዋን ግና፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዓለም ይላባዕ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ቅድሚ ኣስታት 60 ዓመታት ኣቢሉ ዝተማህዘ ክታበት ንፍዮ፡ ኣዝዩ ውሑስን ኣተኣማማኒ ዓቕሚ ዘለዎን ኩይኑ፡ ብደረጃ ዓለም ተርእዮ ንፍዮ ኣብ ምጥፋእን ብሰንኪ እቲ ሕማም ዝኽሰድ ሞት ኣብ ምንካይን ብቕዓቱ ከረጋግጽ ጸኒሑ እዩ። ክታበት ንፍዮ ንብዩኑ ዝዕደል እኳ እንተኾኑ፡ ናይ መጉዓዝያን ናይ ሰራሕተኛታትን ወጻኢታት ብሓደ ንምሽፋን፡ ምስ ካልኦት ክታበታት ተጣሚሩ ይዕደል። ምስ ካልኦት ተሓዊሱ ዝውሃብ ክታበት ንፍዮ፡ ከምቲ ንብዩኑ ዝዕደል ማዕረ ኣድማዕነት ኣለዎ።

ኤርትራ፡ ንሓያሎ ዓመታት ንፍዮ ንምጥፋእ ብቐጻልነት ከተካይዶ ዝጸንሐት ጽዑቕ ወፍርታት ክታበት ወጽኢታዊ ገስጋስ ተረኺቡሉ እዩ። ሽሕ'ኳ ኤርትራ ሓያሎ ዓወታት እንተ ኣመዝገበት፡ ንፍዮ ካብ ሃገር ከም ዝጠፍአ ዘረጋግጽ ወረቐት ምስክርነት ንኽትወሃባ ግን ነዊሕ ጉዕዞ ተሪፉዋ ኣሎ።

ከምቲ ንሓያሎ ዓመታት ክስረሓሉ ዝጸንሐ፡ ኤርትራውያን ቈልዑ ውልድ ምስ በሉ ካብ ታሽዓይ ወርሖም ክሳዕ ዓመቶም ዝመልኡ ኣብ ዘሎ ግዜ ሓንቲ ውሳዶ ክታበት ይዕደሎም ነይሩ። ካብ 2009 ንደሓር ግና፡ ተርእዮ እቲ ሕማምን መጠነ ሞትን ንምክልኻል፡ ከምኡ ድማ ተኽእሎ ምጥፋእ ንፍዮ ንምዕባይ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ኩሎም ተኸተብቲ ቈልዑ ክልተ ሳዕ ክኽተቡ ፈቒዱ። ቀዳማይ ክታበት ጥራይ ካብ ዝተቐበሉ ቈልዑ እቶም 15 ሚእታዊት ኣካሉቶም መከላኸሊ ናይ'ቲ ሕማም ከምዘዕብለ ክጸንሕ ስለ ዝኽእል፡ ካልኣይ ክታበት ክወሃቦም ከሎ፡ ዓቕሚ ምክልኻል የማዕብሉ፤ ንፍዮ ክጠፍእ ከኣ ይሕግዝ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ክልተ ክታበት ድሕሪ ምፍቃዱ፡ ኣብ 2012 ኤርትራ እውን ኣብቲ ሃገራዊ ስሩዕ ኣገባብ ክታበት ንፍዮ ብኽልተ ውሳዶ ክትዕደል ኣፍቂዳ። ምስ ንፍዮ ዝመሳሰልን ብኻልእ ጆርር ቫይረስ ዝፍጠርን 'ሩቤላ' ምስ ዝተባህለ ክታበት ዓይነት ንፍዮ እናተደረበ ድማ፡ ካብ 2018 ንደሓር ክዕደል ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ 2023 ብዝተገበረ መጽናዕቲ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ሽፈን ቀዳማይ ክታበት 93 ሚእታዊት ክኸውን ከሎ፡ ናይ ካልኣይ ክታበት ከኣ 85 ሚእታዊት ነይሩ። እዚ ከኣ፡ ካብ ሓፈሻዊ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ገምጋም ሽፈን ክታበት ንፍዮ ጸብለል ዝበለ እዩ ነይሩ። ሽፈን ቀዳማይ ክታበት ንፍዮ፡ ካብቲ ኣብ 1993 (ቅድሚ 32 ዓመት) 34 ሚእታዊት ጥራይ ዝነበረ ብሰለስተ ዕጽፊ ዝዓቢ ክኸውን ከሎ፡ ካብቲ 76 ሚእታዊት ዝነበረ ናይ 2000 ሽፈን ድማ ኣዝዩ ከም እተመሓየሸ ምዕዙብ ይከኣል።

ኣብ 2023፡ ተርእዮ ሕማም ንፍዮ ብደረጃ ሃገር ኣብ 54 ሰባት ምንባሩ ክረአ እንከሎ፡ ካብ ሓደ ሚልዮን ሰባት ትሕቲ 16 ሰባት ጥራይ ምልካፎም ንዕዙብ። እዚ ድማ፡ ወጽኢት ናይቲ ኣብ ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሕማም ንፍዮ ዝተማስከለ ገስጋስ ምኻኑ ክረአ ይከኣል። ብኣንጻሩ ግና፡ ብውድብ ጥዕና ዓለም ካብ ዝተረኽበ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣስታት 424 ሽሕ ሰባት ብንፍዮ ዝተለኽፉ ነይሮም። እዚ ማለት፡ ካብ ሓደ ሚልዮን ሰባት ኣስታት 195 ሰባት ብንፍዮ ይልከፉ ነይሮም ማለት እዩ።

# ሳላ እቲ ኣብ መዳይ ጥዕና ዝተኻየደ ጽዕጹዕ ጻዕሪ ዝተረኽበ ዓወት

ኤርትራ፡ ኣብ ምክልኻል ሕማም ንፍዮ እተመዝገበ ዘላ ዓወታት፡ ኣካል ናይቲ ኣፍልጦን ናእዳን ዝረኸበትሉ ሃገራዊ መደባት ስርዓተ ክታበት ህጻናት እዩ። ስሩዕ ኣገባብ መደባት ክታበት፡ ንፍዮ ኣብ ምክልኻል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ህጻናት ክኽሰት ዝኽእል ከም ዲፍተርያ፡ ቴታኑስ፡ ትኽትኽታ፡ ረስናዊ ጉንፋዕ፡ ኒሞንያን ሩቤላን ዝኣመሰሉ ሓደገኛን ቀተልትን ሕማማት እውን ከይምዕብሉ ዝዓየድ ሚላ እዩ።

ኤርትራ ናጽነት ካብ እትወጽእ ኣትሒዙ ከተካይዶ ብዝጸንሐት ስሩዕ ኣገባብ ክታበት ዓበይቲ ዝላታት ከተመዝግብ ጸኒሓ እያ። ኣብ 1991፡ ንሽዱሽተ ሕማማት ቈልዑ ጥራይ ዝከላኸል ክታበት ነይሩዋ። እቲ ክታበታት - በሰጁ፡ ጸረ ዲፍተርያ፡ ጸረ ቴታኑስን ትኽትኽታን ካልኦትን የጠቓልል ነይሩ። ብሓፈሻዊ ግምጋም፡ ዓሰርተ ማእታዊት ዘይበጽሐ ሽፈን ነይሩዎ፡ ኣብ ዝቕጽሉ ዓመታት ድማ በብቑሩብ እናሰፍሐ ስሩዕ ኣገባብ ክታበት እናማዕበለ ብምምጻእ፡ ንህጻናት ካብ ሓያሎ በይናም ዓይነት ሕማማት ክከላኸል ዝኽእል ክታበት ክዕደል ክኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን፡ ኤርትራ 14 ዓይነት ካብ ሓያሎ ሕማማት ክከላኸሉ ዝኽእሉ ክታበት ንህጻናት ትዕድል ኣላ። ሓፈሻዊ ሽፈኑ ድማ 90 ሚእታዊት ይበጽሕ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብሃገራዊ መደባት ክታበት ኣብ 300 ትካላት ጥዕና ኣብ ሰሙን ንሽዱሽተ መዓልቲ ናጻ ኣገልግሎት ክታበት ይወሃብ። ከምኡ'ውን ኣብ ምሕደግ ዝበሉ ቦታታት ዝተደኩኑ 450 ነቝጣታት ጥዕናን፡ ናብ ማሕበረሰብ ሰፈር ሳሞን ኣብ ርሑቕ ቦታ ናብ ዝሰፈሩ ክታበት ንምብጻሕ ዝዋፈሩ ኣጋር ሓካይምን ተንቀሳቓስቲ ኣሃዱታት ጥዕናን ደርከበ። ምስ ማሕበረሰባት ብዝተኻየደ ወሃድ ወፈራታት ድማ፡ ቀነ ክታበት ተወዳቢ ሰፊሕ ዕማም ይኻየድ። ዞባውን ዓለማውን ውድባት፡ ኤርትራ ብሸቕሸኽ ጥዕናዊ ኣገልግሎት እተኻየደ ገስጋስ ኣድናቖት ክህበሉ ጸኒሖም እዮም።

ኣብ ሕዳር 2009፡ 'ጋቪ' ዝተባህለ ዓለማዊ ትካል ጥዕና፡ ኤርትራ ጥዕና ህጻናት ንምምሕያሽ እተካየዶ ብሉጽ ጻዕርታት ብምንኣድ ኣፍልጦ ከም ዝሃበሉ ይዝከር። ኣብቲ ኣብ ቬትናም ዝተኻየደ ስነ ስርዓት፡ "ዝበለጸ ብቕዓት ዕደላ ክታበት" ካብ ዝተቐበላ 17 ሃገራት ኤርትራ ሓንቲ ነይራ። ኣብ 2016ን 2017 እውን፡ ብተኸታታሊ ካብ ጨንፈር ዩኒሴፍ ደብባውን ምብራቓውን ኣፍሪቃ ስለ ኣድማዒ ምሕደራ ዕደላ ክታበት፡ ኤርትራ ሽልማት ተቐቢላ እያ። ብጽፉፍ ኣገባብ ኣከዛዝና ክታበታት ድማ፡ ኣብ 2018 ካብ ዩኒሴፍ ሽልማት ወሲዳ እያ።

ኣካያዲ ስራሕ ጨንፈር ዩኒሴፍ ደብባውን ምብራቓውን ኣፍሪቃ መሓመድ ማሊክ ፋል፡ ኣብ መወዳእታ 2021 ናብ ኤርትራ ዑደት ኣካይዱ ነይሩ። ኤርትራ ኣብ ዕደላ ክታበት ንህጻናት እተኻየደ ብቕዓት ከም ዘበርከተ ምስክርነት ኣብ ዝሃበ ሃገራት ዝበዝሐ ሽፈን መደብ ክታበት ኣብ ኤርትራ ክርአ ከም ዝኸኣለን ይገልጽ።



# ተወፋይነት ስለ'ቶም ተረከብቲ ሃገር ዝኾኑ ህጻናት ኤርትራ

ኤርትራ፡ ኣንጻር ንፍዮ ዘካየደቶ ቃልሲን ዘመዝገበቶ ዓወትን፡ መርኣያ ናይቲ ኣብ'ቶም ጸጋታት ሃገር ዝኾኑ ህጻናት ዘለዋ ልዑል ተገዳስነት እዩ።

ሓንቲ ካብ'ተን ሓደስቲ ሃገራት ዓለም ዝኾነት ኤርትራ፡ ብዙሕብታም ታሪኽ ዝወቀበ ብዙሕነት ጸገቐ ባህልታት ትውንን። እዛ ንናብራ ብዘይምምዓ ጥዑም ክሊማ ዝተባረኸት ሃገር፡ እኩባት ደሴታት ዝተደኮናሉ ብኣንስሳታት ባሕርን ባህርያዊ ጸጋን ዝመልአ ነዊሕ ደንገል ባሕሪ ትውንን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንመጻኢ ተስፋ ዝሁብ ብቑዕ ሕርሻዊ ዓቕሚን ህይወታዊ ብዙሕነት ምስ ማእለያ ዘይብሉ እንስሳ ዘዕዱምን ዘቤትን ኣለዋ። ኣብቲ ዓለም ለኻዊ መጓዓዝያ ባሕሪ ዝመሓለለሉ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ተደኲና ስለ ዘላ፡ ኤርትራ ጽኑዕ ቱሪዝም እተማዕብለሉ ተኽእሎታት ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ። ክንደው እዚ ኩሉ ረብሓታት ግዱ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ውሑስ ጸጋ ሃገር፡ ጅግና ህዝቢ ብፍላይ ድማ ወለዶ መንእሰይ እዩ።

ኤርትራ ናጻ ካብ እትወጽእ ኣትሒዛ ንሰለስተ ዕቑዳት፡ ብመዳይ ጥዕና፡ ድሕነትን ምሕያል መንእሰይ ወለዶን ከተካይዶ ዝጸንሐት ዘኖባትኽ ጻዕርታት መርኣያ ናይዚ ተገዳስነት እዩ። ኤርትራ ናጽነታ ምስ ጨበጠት ንመጀመርታ ግዜ ዝፈረመቶ ዓለም ለኻዊ ሕጊ እውን፡ "ውዕል መሰል ህጻን" ሕቡራት ሃገራት እዩ ነይሩ። ኣብ ታሕሳስ 1999 ቻርተር ኣፍሪቃ "መሰላትን ድሕነትን ቈልዑ" ከተጽድቕ እንከላ፡ ኤርትራ ክትቅበሎ ግዜ ኣይወሰደላን።

ኣብ ለካቲት 1994 ኣብ ናቕፋ ዝተበገሰ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ካብ ዝኾነ መሪሕ ራእያት፡ ኤርትራ፡ መጠነ ሞት ህጻናት ኣብ ምጉዳልን ክንክን ህጻናት ኣብ ምምዕባልን ብፍላይ ድማ ደቂ ሰውእትን ወለዶም ዝሰኣኑ ብኣሸሓት ዝቝጸሩ ዘኽታማትን ግቡእ ክንክንን ኣተዓባብያን ክረኽቡ ከም ዘለዎም የረድእ። ኤርትራዊ ቈልዓ ናይ ምምሃር፡ ክንክን ጥዕናን ፍቕርን ናይ ምርካብ መሰል፡ ብህይወት ናይ ምንባር ውሕስነት፡ ናይ ምጽዋት ሰብኣዊ ክብሪ ናይ ምርካብን መሰል ክረጋገጸሉ ኣለዎ።

ኤርትራ እተካይዶ ዕወት ሃገራዊ ወፈራታት ክታበት ንፍዮን ካልኦት ሕማማትን መርኣያ ናይቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዛ ሒዛቶ ዘላ ጥዑይ ወለዶ ናይ ምህናጽ ራእይ እዩ። ብመደባት ጽዑቕ ክታበት ንፍዮ፡ ጥዕና ህጻናት ኣብ ምክንኻን ኤርትራ እትገብሮ ጻዕርታት፡ ኣብ ዞባና ንዝርከባ ሃገራት ኣብነት ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል እዩ።

**ለሚ ኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ ዓንጋሊት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ቴሬብ |
| 14:25 | ኤርትራ 77 2ይ ክፋል |
| 14:50 | ፊልም ምሕረት'ዶ ሞት |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዘን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዳህሳስ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ጾጋታት ባሕሪ

## ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ ዓሳ

ፍስሃ ተኽለወይኒ

ፍርያት ዓሳ ብዘይካ ንመጥበውትን ጉብዩ ባሕርን ንኹሉም ኣብ ባሕሪ ዝርከቡ ፍጡራት ዘጠቓለለ መጸወዲ እዩ። ፍርያት ዓሳ ጠለቡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፣ ብኡ መንጸር ከኣ ኣብ ጥዕና ደቂ ሰብ ሃሰያ ከየውርድ ስግኣታት ኣለዎ። ብፍሉይ ዓሳ ወይ መግቢ ዓሳ ከኣ ብባህሪኡ ኣዝዩ ተነቃፍን ተኣፋፍን ዓይነት መግቢ ኮይኑ፣ ብቐሊሉ ናብ ባህርያውን ሰብ ሰርሖን ሓደጋታት ስለ ዝቃላዕ ፍሉይ ኣተኩሮ ከም ዝህልዎ ይግበር።

ሓፈሻዊ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ፕሮግራማት ብዓለም ደረጃ ክርአ ከሎ፣ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ተኣታትዩ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኮይኑ ምስ ግዜ ከኣ፣ ከም ትካል ወኪል ምቍጽጻር መግቢ ብምቛም ከምኡ'ውን ዲሆኣዊ መጸናዕቲ ብምክያድ ይሰርሓሉ ኣሎ። ቀንዲ ዕላማኡ ድማ ንጥዕና ዜጋታት ንምውሓስ ዝዓለመ ኮይኑ፣ ንቑሰ. ወሰፍ ሃገር ናይ ንግዲ ርእሳ መቈጻጸሪ ብምቛም ይንጠፈሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ምህርቲ ዓሳ ወይ ስጋ ዓሳ ቀልጢፉ ናይ ምብልሻው ባህሪ ዘለዎ ዓይነት ምንጪ መግቢ እዩ። ምኽንያቱ ሃብታም ናይ መኣዛዊ ምንጪ ከም ኣገደስቲ ፕሮቲን (ኣሚኖ ኣሲድ)፣ ሓቐቕቲ ቪታሚናት፣ ሚነራልን ንጥዕና ደቂ ሰብ ጠቓምቲ ዝኾኑ ስብሒ (fatty acid)ን ኣለዎ።

ስጋ ወይ ጭዋዳ ዓሳ ልዕሊ ኣሰታት 75-85% ብማይ ዝቖመ ክኸውን እንከሎ፣ 20-22% ከኣ ፕሮቲን ኣለዎ። ስለዚ ዓሳ ድሕሪ ምግፋፉ ክሳብ ናብ ተጠቃሚ ዝበጽሕ፣ ግቡእ ኣተሓሕዛን ኣተዓቃቕባን ምስ ዘይግበረሉ፣ እዚም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ትሕዝቶ ብናይ ንሓ ርእሶም ንጥፈታት ጨና፣ ሕብሪ፣ ጣዕምን ትርኢትን ዓሳ ከም ዝቕይር ዝገብሩ ሓደሽ ከሚካል ክፈጥሩ ይኽእሉ። በዚ ድማ እዩ ዓሳ ካብ ካልኦት ዓይነት ስጋ ቅልጡፍ ናይ ምብልሻው ባህሪ ዘለዎ። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ሃገርና ኤርትራ ብቐንዱ ድማ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ከምተን ካልኦት ምዕቡላት ሃገራት ኣዋጃት ንፍርያት ዓሳ ዝምልከት መሰረት ብምግባር፣ ምቕራብ ብቕዓቱ ዝተረጋገጸ ዓሳ ወይ ውሑስነት መግቢ ዓሳ ኣብ ምቕራብ ሰፊሕ መደባት ሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ።

ብቑዕ ምህርቲ ዓሳ ክበሃል እንከሎ፣ ብዝተፈላለየ ረቛሒታት ዝሓለፈ እዩ። መጀመርታ ምንጪ ዓሳ ካበይ ምዃኑ ክንጸር ይግባእ። ምኽንያቱ ካብ ዝተበከለ ማይ ባሕሪ፣ ዲጋን ቀላይን ከይከውን ብመርመራ ብቕዓቱ ዝተረጋገጸ ክኸውን ኣለዎ። ቀረብቲ ዓሳ ኣብ ኣተዓቃቕባ ዓሳ ጽቡቕ ኣፍልጦ ክህልዎም ይግባእ። ከም ሳልሳይ ድማ፣ ትካላትን ድኳናት መሸጣ ዓሳ ኣብ ኣተሓሕዛን ኣተዓቃቕባን ምህርቲ ዓሳ ኣፍልጦኦም ክብርኽ ከምኡ'ውን፣ ሓፈሻዊ ጽሬት ምስ ዓሳ ቀጥታዊ ርኽብ ዘለዎ መሳርሒታትን ጽሬት ብምዝውታርን ተጠቀምቲ ፍርያት መግቢ ዓሳ ዝኾኑ ድማ ኣፍልጦ ኣብ ጠባያት ስጋ ዓሳ ምስ ዝህልዎም፣ ብቕዓት ምህርቲ ዓሳ ክሕሎ ይኽእል። በዚ ድማ ድሕነት መግቢ ዓሳ ክረጋገጽ ይኽእል። መግቢ ዓሳ ብባህሪኡ ካብ ካልኦት ዓይነት መግብታት ኣዝዩ ተነቃፍን ንበከላ ዝተቓልዐን ብምዃኑ፣ ንድሕነትን ብቕዓትን ዓሳ ኣገዳስነቱ ዓቢ ይገብሮ። ምኽንያቱ ምሕያል ኣፍልጦ ድሕነት መግቢ ኣብ ምክልኻል ብመግቢ ዝመሓላለፉ ሕማማት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ስለ ዝገብር።

ሓፈሻዊ ብመግቢ ዝስዕቡ ሕማማት ብደቀቕቲ ታህዋስያን (ብዮሎጂካዊ)፣ ከሚካላዊ ከምኡ'ውን ግዳማዊ መቐሰልቲ መንገድታት ክስዕቡ ይኽእሉ። ብመግቢ ዝመሓላለፉ ሕማማት ወይ ምምራዝ መግቢ ክበሃል ከሎ፣ ዝተበከለ መግቢ ድሕሪ ምምጋብ ዝኸሰት ሕማም ኮይኑ፣ መግቢ ብዓይንና ብዘይርኣዩ ደቀቕቲ ታህዋስያን ወይ ኹሎም ብዘፈጥርዎ መርዚ ክበከል ከሎ ዝኸሰት ተርእዮ እዩ። ዝበዝሑ ብመግቢ ዝስዕቡ ሕማማት ረኽሲ ዘስዕቡ ክኾኑ ከለዉ፣ ገለ ውሑዳት ከኣ ይምረዙ። ስለዚ ብምምራዝ መግቢ ዝስዕቡ ሕማማት ዝተፈላለየ ምልክታት ዘርእዩኳ እንተኾኑ፣ እቶም ሓፈሻዊ ምልክታት ግን፣ ብርቱዕ ረስኒ፣ ቃንዛ ከብዲን ወጽኣትን ከምኡ'ውን ቀጨወጨው ምባል ካብቶም ቀንዲ ምልክታት እዮም።

ክቡራት ኣንበብቲ፣ መሰርሕ ምምራዝ ወይ ምብካል ንመግቢ ወይ ምህርቲ ዓሳ እንታይ እዩ ትብሉ ትኾኑ? ስለዚ ካብቶም ቀንዲ ብምብካል መግቢ ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ኮይኖም፣ ብዝተፈላለየ ኣገባብት ናብ መግቢ ወይ ምህርቲ ዓሳ ምትንኻፉት ክንገብሩ እንከለዉ እዩ።

ባክተርያ ንኽራብሕ ዝድልዩዎ ረቛሒታት - መቐት፣ ጠሊ፣ መኣዛዊ መግቢን ኦክሲጅንን እዮም። መጠን ዋዒ ዝያዳ ምስ ዝነድል ወይ ምስ ዝውሰኽ ህላወኦም ቀሲብቖስ ይቕጽል ወይ ጨሪሶም ይጠፍኡ። ካብ 4 ዲ.ሰ ክሳዕ 60 ዲ.ሰ ክፉረዩን ክዕብዩን ይኽእሉ። ካብ 4 ዲ.ሰ ንታሕቲ ማለት ካብ 0 ዲ.ሰ ክሳብ 7 ዲ.ሰ ባክተርያ ብትሑት ደረጃ ክራብሑ እንከለዉ ኣብ18 ዲ.ሰ ግን ጠቕላላ ይጠፍኡ። ካብ 60 ዲ.ሰ ንላዕሊ ይሞቱ። ኣብ 100 ዲ.ሰ ድማ ጠሪሶም ይጠፍኡ። ባክተርያ ኣብ ዝምእምአ ኩነታትን መግብን ክኣቱ ካብ ዝጀምር ድማ ኣብ ውሽጢ 12 ሰዓታት ቍጽሩ ናብ 17 ሚልዮን ክበጽሕ ይኽእል።

ሕማም ዘስዕቡ ቅልጡፍ ዝኾነ ኣብ ምብካል መግቢ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ መግቢ ዓሳ ዝርከቡ ካብ ዓይነታት ባክተርያ ከም ስታፋይሎኮካስ ኣውረስ፣ ሳልሞኔላ ከምኡ'ውን ኢ.ኮላይ ክጥቀሱ ይክኣል። እዞም ደቀቕቲ ታህዋስያን ምስ ሰብ ብዝተፈላለየ መዳይ ዝጸንሑ ብምዃኖም፣ ንሳዕቤናቶም ንምክልኻል ጽሬት ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

ኣብ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ፣ ቀርበትን ከፉት ቑስሊን ከምኡ'ውን ኣብ ዘይመኸኸ ጸባ ዝርከብ ዓይነት ባክተርያ ስታፋይሎኮካስ ኣውረስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ዓይነት ባክተርያ፣ ኣብ ኣገባብ ኣመሓላልፋኡ ፍሉይ ዝገብሮ እንተሎ ባዕሉ ወይ ንሱ ብዘፍርዮ መርዚ ናብ ሰብኦት ምስ ዝኣቱ ሕማም ዘኸትል ምዃኑ እዩ። ስለዚ ኣእዳውካ ብሳሙና ሓጺብካን ኣንቂጽካን ምህርቲ ዓሳ ክትሕዝ ይግባእ። ከምኡ'ውን መግቢ ዓሳ ንልዕሊ ክልተ ሰዓት ክጸንሕ ኣብ ዝተደለየሉ ግዜ፣ ትሕቲ 5 ዲ.ሰ ወይ ድማ ንልዕሊ 63 ዲ.ሰ ምዕቃብ የድሊ። በዚ ድማ ውሑስነት መግቢ ዓሳ ክንውሕስ ንኽእል።

ኣብ ቀልቀል ሰብን እንስሳታትን ክርከብ ዝኽእል ባክተርያ ድማ ሳልሞኔላ ይበሃል። ስለዚ ኣብ ዓይኒ ምድሪ ወይ ርስሓት ከም ቀልቀል ናይ እንስሳ ክንሕዝ እንተ ጸኒሕና፣ ኣእዳውና ብግቡእ ከይጸረና ካብ ፍርያት መግቢ ዓሳ ዝኾነ ምህርቲ ምትንኻፉት ምስ ዝፍጠር፣ ሳልሞኔላ ኣብ ዝተመስርሐ ዓሳ ክጸንሕ ይኽእል። ሳልሞኔላ ዘስዕቦ ሕማማት ሳልሞኔሎሲስ ዝበሃል ኮይኑ፣ ረስኒ፣ ተምላስ፣ ወጽኣትን ቃንዛ ኣብ ከብዲን ካብቶም ቀንዲ ምልክታት ሕማማት እዮም።

ኣብ መዓናጡ ሰብን ካልኦት እንስሳታትን ዝርከብ ዓቢ ጥንቃቐ ዘድልዮ ዓይነት ባክተርያ ድማ ኢ.ኮላይ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሙብዝሕትኦም ኢ.ኮላይ ተጓደእቲ እኳ እንተ ዘይኮኑ፣ ገለ ግን ሓያል ኣብ ምምራዝ መግቢ ዝርከቡ ኣለዉ። ካብ ዓይነታት ኢ.ኮላይ ናይ ንሓ ርእሶም ሽጋ ቶክሲን ዝበሃል መርዚ ኣለዎም። እዚ ድማ ንቐያሕቲ ዋህዮታት ደም ከፍኡ ዝኽእልን ንመስርሕ ስርዓት ምጽራይ ደዓግዩ፣ እሞ ናይ ኩሊት መጥቃዕቲ የጋጥም።

እቶም ቀንዲ ናብዚ ምምራዝ መግቢ ዝያዳ ዝተቓልዑ ኣካል ሕብረተ ሰብ ድማ፣ ንኣሽቱ ቈልዑ፣ ኣረጋውያን፣ ነፍሰጾራት ከምኡ'ውን ሕዱር ሕማማት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ተኣፈፍቲ ይኾኑ። ኢ.ኮላይ ከም መዐቀኒ ከባቢያዊ ጽሬት ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ንኣብነት ቀልቀል ካብ ዓይኒ ምድሪ ወጺኡ ማለት ኣብ ጉዳም ዝጥቀሙ ሕብረተ ሰብ ብኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ዲጋ ወይ ሩባ ማይ ብምምርማር ህላወት ኢ.ኮላይ ከተረጋግጽ ትኽእል። እዚ ታህዋስ ዛሕሊ ስለ ዝጻወርን ብውሑድ ቑጽሪ ሕማም ከኸትል ዝኽእል ብምዃኑን ኣዝዩ ተኣፋፊ ይገብሮ። ስለዚ ዓሳ ብኢ.ኮላይ ንኸይብከል ጽሬት ኣእዳው፣ ምንጪ መግብን ማይን ኣቡዩም መሰረታውያን እዮም። ኣብ ጽሬት ምህርቲ ዓሳ ንጥቀመሉ ማይ ብበዓል ማዚ ብቕዓት ዓሳ ዝተፈቐደ ክኸውን መሰረታዊ እንተኾኑ ብዘስተ ክሎሪን ዝተሓወሶ ጽሩይ ማይ ገይርካ ምሕጻብ ግን ኣገዳሲ እዩ።

ጉዳይ ውሑስነት መግቢ ሕቶ ጥዕና ህዝብን ቀንጠባዊ ምዕባለን ብምዃኑ፣ ዓቢ ቀላሕታ ተገይሩሉ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን ቀንዲ ኣብ ምቕራብ ፍርያት ዓሳ ዝርከቡ ሓረስቶት ባሕርን ትካላት ዱኳናት መሸጣ ዓሳን ክሳብ ህዝቢ ዘሎ ብዛዕባ ባክተርያን ኣገባብ ምክልኻሉን ንጹር ዝኾነ ኣፍልጦ ክህሉ ይግባእ። ስለዚ ባክተርያ ጠሊ ኣብ ዝረኸበሉ ግዜ ዝያዳ ይራባሕ። ኣብ መመስርሒ ዓሳ (ከም ፍሌቶ) ከምኡ'ውን ኣብ ጃልባ ካብ ዝርከብ ዕቑር ደም ዓሳን ካብ ውሽጣዊ ኣካላቱ ዝጕሓፉ መዓናጡን ምቑጽ መግቢ ናይ ባክተርያ ምዃኑ ተፈሊጡ ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ጽሬት ንጥፈታት ክካየድ ይግባእ።



ቁጽጽር ብቕዓት ምህርቲ ዓሳ ኣብ ወደባት ምርጋፍ ዓሳ ኤርትራ


ኣብ እዋን ምምስራሕ ዓሳ (ፊሌቶ) ብቕዓት ምህርቲ ዓሳ ብዝበለጸ ይልለ



ብኩሉ መምዘኒታት ብቕዓት ዝሓለፉ ቀዳማይ ደረጃ ዓሳ


ለሚን ኣብ ዝተኸሸነ መግቢ ዓሳ ምሕዋስ ክብክሉ ዝኽእሉ ከሚካል ወይ ታህዋስያን ከጉድል ይኽእል

**ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳለ ዓምዲ**

# ቃለ - መሕተት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ጥዕና ሕብረተ-ሰብ ንምውሓስ፡ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ ክረጋገጽ ኣለዎ” ዶክተር ሮቤል ተኽለኣብ

ሸዊት ገብረብርሃን - ኣገልግሎት ዜና ዞባ ደቡብ

ቀዳማይ ክፋል

ደቂ-ሰብ ቀጻልነቶም ንኽውሕሱ፡ ብቑዳምነት ውሑስነት መግቢ ክረጋገጽ ይግባእ። መግቢ ቀንደን ማእረታውን ምኳኑ ከኣ ፍጡር ዘይስሕቶ ሓቂ እዩ። ምኽንያቱ ውልድ ዝበለ ናጽላ ይኹን ካልእ ፍጡር፡ ፈለማ ናብ'ዛ ዓለም ምስ ተቐልቀለ ተቐዳዲሙ መግቢ ንምርካብ ሃሰው-ሰው ስለ ዝብል። ማዕረ-ማዕረ'ዚ፡ ድሕነቱ ዝተረጋገጸ መግቢ ንጥዕና ደቂ-ሰብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምንታይ፡ መግቢ ከምቲ ብህይወት ንኽንቅጽል ወሳኒ ተራ ዘለዎ ብዘይኣገባብ ምስ እንጥቀመሉ ከኣ፡ ከቢድ ጥዕናዊ ሃሰያ ከኸትል ስለ ዝኽእል። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ስርዓት-ኣመጋግባና ስሩዕን ብጥንቃቐ ዝተመረሐን ምስ ዘኾነ፡ ከነታት ጥዕናና ውሑስ ክኸውን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ ንዘርኸበናዮ መግቢ ብዘይጠንቂ ምስ እንምገብ ድማ ኣደዳ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንኸውን።

ኣብዚ እዋን ብዙሓት ሰባት ብቐሊሉ ኣብ ከባቢኦም ክረኽብዎም ዝኽእሉ ኣእካል፡ ፍረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ጥረታት፡ ጸባን ውጽኢት ጸባ፡ ስጋን ካልእን ኣብ ክንዲ ዝምገቡ ብኣንጻሩ ውሕስነቱን ብቕዓቱን ዝተሓለወ መግቢ ክንዛረብ ኢና።

ንቕሓትን ኣፍልጦን ህዝቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን፡ ንውሕስነት መግቢ ኣመልኪቱ ብህዝቢ ዝቐረብ ሕቶ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ዝቐርቡ ዓይነታት መግቢ ምስ ፍርያቶምን ትሕዝቶኦምን ብምትእስሳር ብዙሕ ሕቶታት'ዩ ዘለዓል። ንኣብነት፡ ምስ መግቢ ተኣሳሲርም ዝኽሰቱ ሕማማት ኣብ'ቶም ብተደጋጋሚ ዝለዓሉ እዮም። እምብኣርከስ፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ብቕዓትን ትሕዝቶን መግቢ ብተደጋጋሚ ንኽለዓል ዝደፍኡ ክልተ ረቛሒታት ኣለው። ብቐዳምነት፡ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ክኸውን እንከሎ፡ ካልኣይ ድማ ምስ መግቢ ተኣሳሲርም ዝኽሰቱ ዝተፈላለዩ ሕማማት እዮም።

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ ብሰንኪ ምስ መግቢ ተኣሳሲርም ዝኽሰቱ ሕማማት ኣስታት 2.1 ሚልዮን ህዝቢ ንሞት ከም ዝቃላዕ ይሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ብቐጻሊ ኣብዚ ኣርእስቲ ኣተኩሩ ዝወጽእ ጸብጻብ ከም ዘረጋግጾ፡ እቶም ድማ፡ እቲ ቕጽሪ ብርዱእ ምኽንያት ዝተዓጻጸፈ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

ክንዲ ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ውሕስነቱን ድሕነቱን ዝተረጋገጸ መግቢ ዝቐርቦ ሕቶ ንምምላስ፡ ኣብ 1970 መራሕቲ ሃገራትን ዝምልከቶም ኣካላትን ብምርኻብ፡ ዝኾነ ፍርያት ዝተሰርሓሉን ዝወድቀሉን ዕለት፡ ኣብ መሸፈኒ ወይ መትሓዚ ናይቲ ፍርያት ክቕመጥ ከም ዘለዎ ዝገድድ ሕጊ ኣጽዲቖም። እቲ ዝወጸ ሕጊ ክሳብ ሕጂ ኣብ ባይታ ይሰርሓሉ ኣሎ። ብመንጽሩ፡ ኣብ ጥዕና ዜጋታት ዝስዕብ ዝበረ ጉድኣት ክቕንስ ክኢሉ ኣሎ።



ዕሹግ መግብታት ክምገቡ ይረኣዩ። እንተኾነ፡ እቲ ዕሹግ መግቢታት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዘቃልዕን ካልእ ጎድናኣዊ ሳዕቤን ዘኸትልን እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና እንጥቀመሉ ዝተፈላለዩ መግቢታትን ሃለኽቲ ነገራትን መዓልቲ ምውዳቖም ወይ ኣገልግሎት ዘብቅዓሉ ዕለት (expire date)፡ ዝገልጽ ጽሑፍ ኣብ ላዕላዋይ ገጽም ተለጢፉ ይጸንሓና እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍና ብዛዕባ ውሕስነት መግቢ፡ መዓልቶም ዘብቅዑ ሃለኽቲ ነገራትን ካልእን ኣመልኪትና ምስ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዶክተር ሮቤል ተኽለኣብ ዘካየድናዮ ቃለ መሕትት ቀዳማይ ክፋሉ ይስዕብ - ሰናይ ንባብ፦

* ብዛዕባ ቀረብን ድሕነቱ ዝተሓለወ መግብን መብርሂ ክትህበና ከምኡ'ውን ድማ ኣብ ጥዕና ሰባት ዘህልዎ ጽልዋ ክትገልጸልና?

ብዛዕባ ውሕስነቱ ዝተሓለወ መግቢ ክለዓል እንከሎ፡ ምስኡ ብምትሕሓዝ ብቐዳምነት ቀረብ መግቢ'ዩ ክጥቀስ ዘለዎ። መግቢ ምስ እንብል ድማ፡ ዝኾነ ኣእምሮ ሰብ ዝሓስቦ ቀረብ'ዩ። ብቐንዱ ሎሚ፡ ምስ ጥዕና ሕብረተ-ሰብ'ውን ተኣሳሲሩ ዝኸይድ፡ ብዛዕባ ዝኽሰቱ ሕማማት ኣብ ዘይማዕበላን ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ሃገራት ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ኣብ'ተን ዝማዕበላ ሃገራት እውን ከም ዘጠቓልል የጽርዑ። እቶም 30% ኣብቲ ምዕቡል ሃገራት ዝነብሩ ኣህዛብ ንሓደጋ ምስ መግቢ ናይ ዝተኣሳሰር ሕማማት ከም ዝተቓልዑ'ዩ ዝገልጽ። ንኣብነት፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዓመታዊ 300,000 ህዝቢ ምስ መግቢ ብዝተኣሳሰር ሕማም ኣብ ትካላት ጥዕና ክመላለስ እንከሎ፡ ኣስታት 5,000 ህዝቢ ድማ ንሞት ዝተቓልዐ ምኳኑ ብምንጻር፡ ኣብ'ተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ዘይማዕበላን ሃገራት ድማ፡ እቲ ቑጽሪ ብርዱእ ምኽንያት ዝተዓጻጸፈ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

ክንዲ ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ውሕስነቱን ድሕነቱን ዝተረጋገጸ መግቢ ዝቐርቦ ሕቶ ንምምላስ፡ ኣብ 1970 መራሕቲ ሃገራትን ዝምልከቶም ኣካላትን ብምርኻብ፡ ዝኾነ ፍርያት ዝተሰርሓሉን ዝወድቀሉን ዕለት፡ ኣብ መሸፈኒ ወይ መትሓዚ ናይቲ ፍርያት ክቕመጥ ከም ዘለዎ ዝገድድ ሕጊ ኣጽዲቖም።

* **መዓልቶም ሓሊፉም ዝበሉ መግብታት ይኹኑ ሃለኽቲ ነገራት ከመይ ዝበሉ'ዮም?**

ብሓፈሻ፡ ምብቃዕ ዕለት (expiry date) ንመግቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንዝተፈላለዩ ሃለኽቲ ነገራት፡ መመላኸዒ ከሚካላት፡ መንጽሂ ኣካላት፡ ኣቑሑ ገዛ፡ ዓይኒ- ምድሪ፡ ብዓበኡ ምስ ዓውዲ ሕክምና ተኣሳሲሩ ዝኸይድ መድሃኒታትን ናውቲ ሕክምናን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ዝኾነ ፍርያት ኣብ ዝተሰርሓሉ ወይ ዝፈረየሉ ትካል እንከሎ፡ ኣብቲ መትሓዚኡ ወይ መሸፈኒኡ ዝጥቃዕ ሓጺር ጽሑፍ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ጽሑፍ እቲ ፍርያት ዝወደቐሉ መዓልቲ ይሕበር። እቲ ዕለት ኣቐዲሙ ብኣፍረይቲ ትካል'ዩ ዝድንገግ። ካብዚ ብምብጋስ እቲ ንብረት ድሕሪ'ቲ ዝተመደበሉ ገደብ ግዜ ኣገልግሎቱ ከም ዘብቅዕ ክፍለጥ ይኽእል። ኣብቲ ገበር ዝለጠፍ ንብቕዓት፡ ውሕስነት፡ ዘብቅዓሉ ዕለትን ካልእን ዝገልጽ ሓጺር ጽሑፍ፡ ተገልጋሊ ብጥንቃቐ ክንብቦ ይግባእ።

* **ኣብ ሃለኽቲ ነገራት ዝጽሓፍ ገደብ ግዜ ኣገዳስነቱ ከመይ ትገልጾ?**

እቲ ዝለጠፍ ጽሑፍ ብርግጽ ኣገዳሲ እዩ። ተጠቀምቲ ብቐሊሉ ኑቲ ዕለት ብምምልካት፡ ናይ ተጠቃሚነት መዓልቱ እንተደኣ ኣብቂዑ ጸኒሑ፡ ካብ ምምጋብ ወይ ምጥቃሙ ስለ ዝሕግዞም። ስለዚ፡ ኣገዳስነት ኣብ ሃለኽቲ ነገራት ዝጽሓፍ ገደብ ግዜ ሓደ ድሕሪ ሓደ ምስ እንምልከቶ፦

1. ውሑስን ብቑዕን ዝኾነ መግቢ ናብ ህዝቢ ንኽቐርብ ግድን እዩ። መዓልቱ ዘይሓለፈ መግቢ ብዓይነቱ ይኹን ብብቕዓቱ ዘምጽእ ሳዕቤናት ስለ ዘይብሉ፡ ኣብ ጥዕና ሰባት ውሑስ ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ኣብዚ ክዘንጋዕ ዘይብሉ፡ ዕለት ንብይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ምስኡ ብምትሕሓዝ ኣፍራዩ ትካል ዝሀቦ መምርሒታት ምስ ዝቕየድ ጥራይ ውሑስን ዘተኣማምንን ዝኸውን። ንኣብነት፡ ሓደ ፍርያት ዕለቱ ኣይወደቐን ግን ኣተሓሕዛን ኣተዓቃቕባን ናይቲ ፍርያት በቲ ትካል ዝጠልቦ ልክዕ ምስ ዘይከውን፡ እቲ ዝሃልኽ ነገር ትሕዝቶኡ ኣሰካፊ ይገብሮ። ንብቕዓትን ውሕስነትን ናይቲ መግቢ ወይ ሃለኽቲ ነገራት ከኣ



ኣጺጋሚ ወይ ሕልኽላኽ ይገብሮ። ስለዚ፡ ኣብቲ ገበር ብዘይካ'ቲ ዝወድቀሉ ዕለት፡ ንኣተዓቃቕባኡ፡ ኣጠቓቕማኡን ካልእን ዝጠቓልል ጽሑፍ ክህልዎ ይግባእ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ትካል ዝጠልቦ ኩነታት ሙቐትን ጠልን (temperature and humidity) ምስቲ ዓይነት መግቢ ወይ ሃለኽቲ ነገራት ዝመጣጠን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ምስ ዘይከውን እቲ ፍርያት መዓልቱ ከይኣኸለ ትሕዝቶኡ ኣሲጋኢ ይኸውን ማለት እዩ። ስለዚ፡ ምፍላጥ መዓልቲ ምውዳቕ ናይ ሓደ ዝሃልኽ ነገር፡ ምስ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ተኣሳሲሩ ኣብ ውሕስነት መግቢ ኣገዳሲ ይገብሮ።

2. ኣብ ገበር ዝለጠፍ ጽሑፍ ንስርዓተ ቁጽጽር ኣገዳሲ እዩ። ዝኾነ ፍርያት ናብ ህዝቢ ክዘርጋሕ እንከሎ፡ ቁጽጽርን ምክትታልን ናይ ምግባር ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት ኣለው። ስለዚ፡ እዚ ብዓል ስልጣን ኑቲ ምክትታል ንኸገብር ግድን ኣብቲ ፍርያት ዝለጠፍ ጽሑፍ ክህሉ ኣለዎ። እቲ ዝምልከቶ ኣካል ኑቲ ዕለት ብምምልካት፡ ውሕስነት ናይ ፍርያት ከረጋግጽ ይኽእል። እቲ መግቢ ወይ ሃላኺ ነገር መዓልቱ ዝሓለፈ እንተ ኾይኑ፡ ዘድሊ ናይ ምውጋድ ስጉምቲ ይወሰድ።

3. ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሓጺር ጽሑፍ ኣብ መንጎ ኣፍራይን ተጠቃምን እምነት ይሃንጽ። እዚ ማለት ኣፍራዩ ትካል መቓን ግዜ ናይ ሓደ ፍርያቱ ኣብ መትሓዚ ምስ ዝለጥፍ፡ ኣብ ተጠቃሚ ህዝቢ ዘለዎ ተኣማንነት ኣዝዩ ይዓቢ። ስለዚ፡ ተጠቀምቲ እኹል ሓበሬታ ስለ ዘህልዎም፡ ናብ ካልኦት ትካላት ቀሊሕ ከይበሉ ብተኣማንነት ናብቲ ትካል ይመላለሱ።

4. ኣቐዲሙ ዝፈረየ ኣቐዲሙ ንኽሃልኽ (First Expire First



ዶክተር ሮቤል ተኽለኣብ

Out) ይሕግዝ፡ እዚ እቲ ኣቐዲሙ ኣብ መኽዘናት ወይ ካልእ ቦታታት ተዘርጊሑ ዝጸንሐ ፍርያት፡ ሸየጥቲ ወይ ተጠቀምቲ ኑቲ ዝወድቀሉ ዕለት ብምምልካት ቀልጢፎም የህልኽዎ። ኑቲ ድሒሩ ዝፈረየ ድማ ቀስ ኢሎም የህልኽዎ። እዚ ንምድንባላቕ ሃለኽትን ምልሻውን ብምክልኻል ካብ ብዙሕ ክሳራታት ይከላኸል። ስለዚ፡ ኣብ ሃለኽቲ ነገራት ይኹን መግብታት መዓልቶም ዘብቅዓሉ ገደብ ግዜ ምልጣፍ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ጥዕና ተገልገልቲ ዘህልዎ ረብሓ ኣብ ቍጠባ'ውን ዘይሃንቀ ኣበርክቶ ኣለዎ።

**ኣብ ሃለኽቲ ነገራት ቅማረ ገደብ ግዜ ብኸመይ ይውሃብ?**

ኣብዚ መዳይ እቶም ኣፍረይቲ ትካላት፡ ኣብ ሸልፍ (shelf life) ክንደይ ክጸንሕ ኣለዎ ይኹን ከይተተንከፈ ወይ ከይተኸፈተ ብምባል ይውሰኑ። እቲ ዝውሃብ ገደብ ግዜ ተራ ቍጽሪ ኣይኮነን። እቲ ኣፍራዩ ዝኾነ መዓልቲ ብምጥቃስ ወይ ብግምት ዘይኮኑ ደረጃታት ዝሓለወ ግቡእ መስርሓት ሓሊፉ ይውሃብ፡ እቲ ኣሰራርሓ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ዝተኸተለ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሓደ ፍርያት ኣብ መፈጸምታ ንኽበጽሕ፡ ግቡእ ዝኾነ ስርዓት ኣየር፡ ሙቐት፡ ጠሊ፡ ኣተዓቃቕባ (መኽዘን)፡ ንምንቅስቓስን ካልእን ኣብ ግምት ብምእታው ዕድመ (shelf life) ናይቲ ፍርያት የቐምጥ። ብድሕሪ'ዚ እቲ ዕለት ኣብ ገበር ናይቲ ፍርያት ኣብ ላዕሊ፡ ታሕቲ ወይ ብኸጊ ተለጢፉ ናብ ዕዳጋ ይቐርብ። ስለዚ፡ ንኹሉ መለከዒታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ገደብ ግዜ ሰሙን፡ ዓመት፡ ሓሙሽተ ዓመት፡ . . . ክኸውን ይኽእል።

**ይቕጽል . . .**



ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

中国五矿

MCC 恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

# Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

**Portable House Maintenance Engineer:**

- **Number Required – One (01)**
- **Place of work: Emba Derho**
- **Type of contact: Definite period of one year**
- **Salary: As per the company salary scale**

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

(1) Inspect and maintain the structural, mechanical, exterior and interior integrity of the pre-fabricated portable houses at site camps;
(2) Perform preventive maintenance on the equipment as prescribed by maintenance manuals and manufacture's recommendations for generators, water filtration equipment, kitchen appliances and other auxiliary equipment on site camp;
(3) Inspect air conditioning equipment, plumbing fixtures, electrical fixtures, regular wear and tear, windows, doors, locks, and other auxiliary facilities and complete reparation as needed;
(4) Perform unscheduled emergency maintenance tasks, quickly responding to the emergency situation during and after scheduled work hours;
(5) Prepare material, time and manpower schedule according to the construction drawings and supervise installation of new portable houses when required;
(6) Revise construction drawings if necessary;
(7) Requires that all work be done in a safe manner within all local and company safety procedures and practices;
(8) Necessary documentation of daily work list, planning and applying for spares, tools and other consumable materials necessary for work.

**Qualification Requirement**

**Education:**

(1) College education in civil engineering, mechanical engineering, water supply and drainage or electrical engineering is preferred.

**Work Experience:**

(1) At least 10 years of working experiences in portable house installation and maintenance;

**Other skills and abilities**:

(1) Understand structural, mechanical, electrical and other necessary construction drawings, and being able to use CAD to revise drawings;
(2) Proficient in operatein electrical test equipment such as volt/ohm meter, amp probe, power analyser, Insulation testers, be able to follow test procedures and document results;
(2) Proficient in operation with pipe threading equipment, power hand tools, conduit benders, cable pulling equipment;
(3) Proficient in welding machines and be able to fabricate tools;
(4) Work in culturally diverse environment;
(5) Good communication skills.

**Language:**

(1)Language proficiency in English is required.

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

- **Address: Please mail your application to following two address**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**
**P.O. Box 6547 Asmara, Eritrea**
**2. Mineral Resources Management**
**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣልጋሽ ዘርኣይ ምባል ተረፉ፣ ኣልጋሽ የማነ ፍስሓ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዒዳ ሓምድ ዑመር፡ ብዓል ቤተይ ሓሰን ኣሕመድ ሓሰን ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

የናታን ሻምበል ሓጎስ ምባል ተረፉ፣ ቤንሆር ሻምበል ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ዑስማን መሓመድ ሰዒድ መሓመድኑር ምባል ተረፉ፣ ዑስማን መሓመድ ሰዒድ ሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲ ማሕሙድ ሳልሕ ማሕሙድ፡ ተኸሳሲ ኣቡዲ ጉብሩ፡ ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ተወልደ ጉብሩ፡ ናይ መሸጣ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳልሕ መሓመድ ሰዒድ ምባል ተረፉ፣ ሳልሕ መሓመድሰዒድ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዚና ሳልሕ መሓመድዑመር ምባል ተረፉ፣ ዘይኑብ ሳልሕ መሓመድዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣበባ ሓድግ ሓምባር፡ ብዓል ቤተይ ክብርኣብ ሀብትዝጊ ስረቓ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ምስ 11 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣርኣያ ኢሰያስ ማና፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ትርሓስ ተኽለይ ተድላ፡ ናይ ውዕል ትግባረ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ብፍርዲ ብዓል መሰል ኣቶ ኣለም ኣበራ ኣርኣያ፡ ብፍርዲ ብዓል ዕዳ ወ/ሮ ጸሃይ ኣበራ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሳባ ኣብርሃ መሓሪ ምባል ተረፉ፣ ሳብሪን ኣብርሃ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘምዝም ኢብራሂም ኑር ምባል ተረፉ፣ ዘምዝም ኑር ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ማሙቕ ኣብርሃም ወልዱ ምባል ተረፉ፣ ሙቐት እማሃጸየን ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ኣሕመድ ሙሳ ኣሕመዲን፡ ስም ወላዲተይ ሓባ ኣሕመደን መሐመደዑመር ምባል ተረፉ፣ ሓዋ ኣሕመዲን መሐመድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰናይት ዘርኣብሩኽ ጉብርእንድሪያስ፡ ብዋል ቤተይ ተወልደ ጎይትኦም ግብረቱ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኣለን ርቢል በረኸት ምባል ተረፉ፡ ኣለን ርቢል በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ዒዝሂር ርቢል በረኸት ምባል ተረፉ፡ ዒዝሂር ርቢል በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ደሊና ርቢል በረኸት ምባል ተረፉ፡ደሊና ርቢል በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ኣማረሽ ጸጋዩ ካሳ፡ ኣቦይ ነሂር ጸጋዩ ካሳ ቦጋለ ብህይወት ከሎ ናይ ለዋ ውዕል ገይሩልና፣ ንሱ ከኣ እቲ ኣብ ከረን ዘሎ ኣነ ኣመልካቲት ምስ ኣፍ/ተድላን ኣቶ ማሰፍንን ክነብረልና እንከሎ፡ እቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ገዛ ኣነ ምስ ሓወይ ማሰፍን ጸጋዩ ካሳን ብገዝዘብና ስለ ዘሰራሕናዮ፡ ዋንታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓና ንብረትና ክኸውን ዝሎ ኑዝዜ ብውሳነ ክጽደቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ሚከኤል ጉብረክርስቶስ መብራህቱ፡ ተኸሳሲት ምስጋና ሰሎሙን ንዓኪ ናይ ገዝዘብ ጉዳይ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ን2/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ደጀን ሃብተማርያም ዘጽ፡ ኣደይ ለተሃይማኖት ወልደማርያም ባይሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብልጫ መሓሪ ጉብረየውሃንስ ወለደይ መሓሪ ጉብረየውሃንስ ትኩእን ኣወጣሽ ጉብረማርያም ንርኣዮን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቶም ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ያፌት ተከኤ ረዘ፡ ተኸሳሲ ሳሙኤል ጸጋይ ጉብረስላሴ፡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ማኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ድራር ብርሃኑ ሓሴን፡ ብዓልቲ ቤተይ ሓረጉ ተስፋሚካኤል ስለዝተሰውኣት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰላማዊት ካሕሳይ፡ ኣደይ ኣለማሽ ጉብረእግዚኣብሄር ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ርእሶም ቦክረጽዮን ተኽለኣብ፡ ኣቡሓጎና ተኽለኣብ ወ/ኪዳንን ዓብዩና ለተዝጊ ተ/ማርያምን ስለዝዓረፉ፡ 1 ወድም ብተተካእቲ ደቂ ጥራይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንነ ኣመልካቲ ኣቶ ብርሃነ ዳኘው ኪዳንን ተጸዋዒ ኣቶ ተኽለማርያም ኣርኣያ ኣብርሀን ዘሎ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክርክር፡ ተጸዋዒ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብ/ብ/መሳል፡ 1. ወሩ/ነ/ሄር ሓጎስ ወልደጋብር 2. ሶልያና ሓጎስ ወልደጋብር፡ ብ/ብ/ዕዳ ፈንቅል ሓድጉ ወልደጋብር፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

የዚ ዓብዱ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ዜናን ዓብዱ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ወልደትንሳኤ ትኩ፡ተጸዋዒ ኣቶ ከበደም ጉብረጊርግሽ፡ ናይ ወድኻ ሰምኦን ከበደም ጉብረጊርግሽ ናይ ሞግዚትነት ስልጣን ሕቶ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ጉኑ ተስፋጋብርን ኣቶ ኤፍሬም ተወልደን፡ ተኸሰስቲ ርቢል ጎይትኦም፡ ኣግኣዞ ሃይለ፡ ኣማንኤል ሓጎስ፡ ቶማስ ሓጎስ፡ ለድያ ሓጎስ፡ ጳውሎስ ተወልደ፡ መብራት ተወልደ፡ የርዳኖስ ተወልደ፡ ፍረዘጊ ተወልደ፡ ብርሃነ ተወልደ፡ ተኽሊት ተወልደ፡ ርግኣት ተወልደ፣ ናይ ምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ኣቶ እምባዬ ጸጋይ፡ ኣቦይ ጸጋይ በርህን ኣቡሓጎይ በርሀ ጉብረእየሱስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ በይነይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሰናይት ፍትዊ በራኺ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክፍለ ብርሃነ ዓንደሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ጎይትኦም ተስፋሚካኤል፡ ናይ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሚካኤል ተመስገን ወልደሚካኤል ን9 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ብጋዜጣ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም ትርፈ ጉብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ መኮንን ኣወዓሎም ዘርኣብሩኽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ታደሰ ሃይለ ወልደገርግሽ፡ ተጸዋዕቲ ኣሕዋተይ ዝኾኑ፡ ካብ ወላዲተይ ኣዴና ነ/ሄር ሳሙኤል ጉብረማርያም ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ኣብ ከተማ መንደፈራ ከባቢ ምም. 102 ቁ. ሎታ 3 ጎደና ዳኛ መሓሪ ዓ/መስቀል ዝርከብ ቁ. ገዛ 346 ዝኾነ፡ ስፍሓት መሬት 72.75 ት/ሜትሮ፡ ክልተ ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ ክፍልታትን ዘለዎ ገዛ ቁ. ምስክር ወረቐት 401477 ብመወከሲ ቁ 401973 ብሰም ሸየጥቲ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ኣመልካቲ ናይ ስመይ ክመሓለለፈለይ ኢሉ ስለዘመልከተ፡ ተጸዋዕቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡

ወ/ሮ መብራት በርሀ ጎይትኦም፣ ወለደና በርሀ ጎይትኦም ወልደሩፋኤልን እልፍሽ ወልዱ ኮኾብን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሸዊት መብራህቱ ጉብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣብል ሃብቶም ተወልደ ኣብ 2020 ዓ/ም ካብ ገዛ ምስ ወጸ ን5 ዓመታት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፣ ብጋዜጣ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጀሚለ ኣሕመድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ጀሚለ ኣሕመድንጉስ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዘርኡ ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ዘርኣ ኪዳነ ጉብረማሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

መርሃዊት በረኸት ግርማጼን ምባል ተረፉ፡ መርሃዊት ክፍሎም ኣስመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም. ከባቢ 04 ጎደና 643 ፕሎት 278 ቁ. ፓርሰል ዞን 04 ዚፕ ኮድ 6K1387 ስፍሓት መሬት 267.1 ት/ሜ 2 ቀንዲ ክፍሊን 1 ተሓጋጋዚ ክፍሊን ባኞ ናይ ማይ ዝርከቦ ብስም ኣና ማርያ ቸይ ዝተመዝገበ፡ ብዕደጊ ናብ ስምና ከሲጋግሮ ስለዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኒዩሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ሒዝና ጉዳይና ክንውድእ ምዃና ንሕብር፡፡

ማሕበር ደናግል ኦርሶሊኒ
ሓላፊት እናቴ ኣምለሰት ሓጂ ማና

---

ንሕና ወረስቲ መሓመድ ኣማን ፈሊ ዝኾንና፡ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 01፡ ዚፕ ኮድ 6K-1372 ፕሎት 7 ፓርሰል pop 7 ብመለለዪ ቁ ንብረት 35798፡ ጠቕላላ መዝገብ ቁጽሪ 53659 ኣብ 1964 ዝተመዝገበ ትካል፡ ስፍሓቱ 117.38 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ 2007 ዓ/ም ብቁ. መዝገብ 519/2007 ብሕጊ ሽሮዓ ዝተዋረስና፡ ናብ ስምና ማለት ወ/ሮ ኣሚና ዓብደልቃድር ሓሴን ምስ 7 ደቃ ተባሂሉ ክምዝገበልና (ክመሓላለፈልና) ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃና ንሕብር፡፡

ወረስቲ መሓመድ ኣማን ፈሊ

---

ኣብ ኣስመራ ኢሰ/ምብራቕ ኣቦሻውል ጎደና 113-7 ፓርሰል ፕሎት 39 ስፍሓት መሬት 126.65 ት/ሜ ኣብ ካዳስተር ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1brasm 01946310 ብስም ዓዘዙ ንገሰ +12 ዝተመዝገበ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዑዳጊት ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ፓብሊክ ኖታርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃና ንሕብር፡፡

ወኪል ፍዮሪ የውሃንስ

---

ኣነ ኣመልካቲት ርዘታ ሳባቲኖ ካርሜሎ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጉዞጥንዳ ከባቢ ማይ ጭሆት ዚፕ 1A 191 ፕሎት 48 ፓርሰል E ጎደና ባሕሪባሪ፡ ስፍሓቱ 500 ት/ሜ ዝርከብ መንበሪ ገዛ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:008453 ብስም ኣንቶኒዮ ቫካሪ ኦርናልዶ ዝተመዝገበ፡ ካብዚ ፍርቁ 250 ት/ሜ ንኣቶ መብራህቱ ተከኤ መለስ ስለ ዝሸጥናሉን ናብ ዑዳጋይ ከመሓላልፍ ስለ ዝኾንና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ኣብ ቤ/ጽ ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ከመሓላልፍ ምዃና ንሕብር፡፡

ርዜታ ሳባቲኖ ካርሜሎ

---

ኣቶ ማሕሙድ ዓሊ ዐስማን፡ ኣብ ሰነድ ውዕል መሸጣ ብውዕል ሺያጢ ኣቶ ሓሰን ኢብራሂም ዓብደልቓድር ብዕለት 18/02/2025 ዓ/ም ዝፈጸምናዮ ውዕል መሸጣ መተኣማመኒ ሰነድ ኣብ ከተማ ከረን ምም/ከባቢ 02 ዚፕ ኮድ 6K-1371 ፕሎት 8 ፓርሰል Pop 8 ስፍሓት 267.81 ት/ሜትር መለለዩ ቁጽሪ ንብረት 6BR KRN001077/1 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ 02 ቀንዲ ክፍልታት፤ 3+ ተሓጋገዝቲ ክፍልታት፤ 2 ክሽ/መንን 2 ዓይኒ ምድሪ ዝተደኮኖ፣ ብውዕል መሸጣ መተኣማመኒ ሰነድ ኣነ ዓዳጊ ኣቶ ማሕሙድ ዓሊ ዐስማን ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃና እሕብር፡፡

ማሕሙድ ዓሊ ዐስማን

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

16 ክፋል

## ዓንኬል ሓሳባት

"እቶም ብርቂ ነገራት፡ ወትሩ ኣብ እቶም ሰባት ብዙሕ ዘይሓስቡሎም ቦታታት እዮም ተሓቢኦም ዝጸንሑ።" - ጆዲ ፒኮውልት

"ህይወት ክትጸግመረካ እንከሎ፡ እቲ ፍታሕ ምንቅስቓስካ ምቕጻል እዩ፡ ቢቃ ምንቅስቓስካ ቀጽል።" - ተይለር ፐሪ

"ኣብ ወሽጠይ ሓያል ቅልሰ ይካየድ ኣሎ።" ኢሉዎ ሓደ ሰብኣይ ንወላዱ።

ወዮ ወዲ ዘረባ ኣቦኡ ስለ ዘየብርሃሉ፡ "ናይ ምንታይ ቃልሲ?" ብምባል መብርሂ ሓቲቱ።

"ኣብ መንጎ ክልተ ተኻሉ ዘዩናሕሲ ቅልሰ ኣብ ወሽጠይ ይካየድ ኣሎ።"

"ኣብዚኦኻ ኣይተረድኣንን?"

"እቲ ሓደ ተኹላ እኩይ እዩ።"

"እኩይ ክትብል እንከለኻ እንታይ ማለትካ እዩ።

"ንሱ ሕርቃን ቅንኢ፡ ጓሂ፡ ጣዕሳ፡ ስስዐ፡ ትዕቢት፡ ርእሱደንጋጽ፡ ቅሬታ፡ ምዝሕርሓር፡ ስምዒት ትሕትና፡ ሓሶት፡ ናይ ሓሶት ኩርዓት፡ ትዕቢትን ኣሕትን እዩ።"

"ወዮ ካልኣይ ተኹላኸ?"

"ንሱ ደስ ባህታ፡ ሰላም፡ ፍቕሪ፡ ተስፋ፡ ርግኣት፡ ስብኣውነት፡ ሕያውነት፡ ግብረሰናይ፡ ተደናጋጽነት፡ ልግሲ፡ ሓቂ፡ ምብቕጻቕን እምነትን እዩ።"

"እንታይ ትብል ኣለኻ?"

"እወ ክልቲኦም ሓያላት ተኹላታት ብዘይንሕስያ ናይ ሓይሊኦም ይረጋገጹ ኣለው። ኣብ ወሽጥኻ እውን እኮ እዞም ተኻሉ ሓመድ ይሰሓሑ እዮም ዘለው።"

ወዮ ወዲ ንኣስታት ሓደ ደቒቕ ዝኸውን ብዙሕ እዚ ኣቦኡ ዝበሎ ኩሓስቦን ከሰላስልን ዝን ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ "ኣየንኦም ተኹላ እዩ እሞ ክዕወት?" ክብል ንኣቦኡ ሓቲትዎ።

ወዮ ሽማግለ ሰብኣይ፡ "እቲ ንስኻ ዝያዳ ዝመገብካዮ ተኹላ።" ብምባል ንጹርቲ መልሲ መጥዩዎ።

ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ኣብ መንጎ እወታዊ ኣተሓሳስባን ኣካላዊ ጥዕናን ልዑል ምትእስሳር እዩ ዘሎ። መብዝሕትኡ ግዜ ትስፉውነት ምስ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዳርጋ ከም ሓደ እዩ ዝውሰድ። ንኣብነት፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምፍዋስ ኣካላዊ ሕማማት ከም ብዓል ሰዓል፡ ረሸሽታ፡ ቃንዛ ጭዋዳታት ከምኡ እውን፡ መንጸሮር ልዑል ምትእስሳር ኣለዎ።

ትስፉዋት ወይ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ናይ ልቢ መጥቃዕቲ እንተ ኣጋጢምዎም፡ ቀልጢፎም ከም ዝሓውዩ ዝተፈላለዩ መጽናዕቲታት የረጋግጹ። ካልኦት መጽናዕቲታት ከም ዘረጋግጽዎ ድማ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምምሕያሽ ጸቕጢ ደም ከምኡ እውን፡ ኣብ ምቕናስ መጥቃዕቲ ልቢ ልዑል ተራ ኣለዎ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምምሕያሽ ዓይነት ህይወት ግዱያት ሕማም መንሽሮ ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ካብ ሕማም ሰላ፡ ሕማም ጉንፋዕን ካልኦት ሕማማትን እውን ይከላኸል እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ንግዳያት ሕማም ኤይድስ ከይተረፈ ኣብ ምንዋሕ ዕምሪ ከም ዝሕግዞም ተረሊጡ እዩ።

ዋላ እኳ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ መዳይ ጥዕና ዘይተኣደነ ረብሓ እንተ ሃለዎ፡ ሓደ ኣቓዲሙ ቀንዲ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ ግዳ ኣሎ። ብጽንዑ ንዝሓመሙ ሰባት መብዝሕትኡ ግዜ ኣሉታዊ ስምዒት እዩ ዝዕብለሎም። ኣብ ከምዚ ኩነታት እናሃለዉ፡ ብዙሓ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከማዕብሉ ከም ዘለዎም ክትመኽሮም እንከለኻ፡ ንኽቕበሉኻ ምሕር እዩ ዝኸብዶም።

ንእወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ገለ ክፋላት መቓቒልና ክንርእዮ ንኽእል ኢና፥

* ኣብ ሕሉፍ ዘዘኽር እወታዊ ኣተሓሳስባ

ኣብ ሕሉፍ ዘዘኽር ኣተሓሳስባ ኣብ ኣሉታ ወይ ተስፋ ምቕራጽ ዘድህብ እንተ ኹይኑ፡ ንዘለዓለ ቅሳነት ኣበርክቶ ይህልዎ። ዝም ከማዚኦም ዝኣመሰሉ ኣተሓሳስባታት ናብ ዝያዳ እወታዊ ኣተሓሳስባ ምልዋጦም፡ ኑቶም ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዘጋጠሙና ነገራት ኣብ እዚ ሕጂ እዋን ሕማቕ ጽልዋ ንኸይህልዎም ይሕግዙና።

ገለ ካብ ኣብነታት ኣብ ሕሉፍ ዘዘኽር እወታዊ ኣተሓሳስባ ንምጥቃስ፥

"ኣነ ክሳብ ዝኸኣሎኒ ሰሪሐ እየ።"

"እቲ ስራሕ ክቕጽር ኢለ ዘቕደኩዎ ቃለመጠይቕ ጽቡቕ ኣይነበረን፡ የግዳስ ብውሕዱ ኣብ ዘቕጽል ብፍሉይ ክዓሎ ከም ዘሎኒ ሓጊዙኒ እዩ።"

"ግዜ ቁልዕነተይ ብጽቡቕ ከም ዘዩሕለፍክዎ እፈልጥ እዩ። የግዳስ ወለደይ ክሳብ ዝኸኣሎም ዓቕሚ ገይሮምለይ እዮም።"

* ኣብ ህሉው ዘዘኩረ እወታዊ ኣተሓሳስባ

ኣብ ህሉው ዘዘኩረ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንህሉዋት ብድሆታትና ብኣድማዒ ኣገባብ ክንፈትሖም ይሕግዙና። ንጸቕጥና ኣብ ምፍኻስ ከምኡ እውን ንዕግበት ህይወትና ኣብ ምምሕያሽ ሓጊዚ እዩ።

ገለ ካብ ኣብነታት ኣብ ህሉው ግዜ ዘዘኩሩ እወታውያን ኣተሓሳስባታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

"ኣነ ዝም ሕያዎት ዓርኩመሓዛቲተይ ብምርካብይ እምብዘ ዕድለኛ እየ።"

"ሎሚ መዓልቲ ጽቡቕ ምኣሕ እየ ተመጊበ፡ ብዝያዳኡ ድማ ኣስተማቒረዮ እየ።"

"ዋላ ጌጋታት እንተ ፈጸምኩ፡ ወትሩ ክሳብ ዝከኣለኒ እየ ዝማሓየሽ።"

* ኣብ መጻኢ ግዜ ዘዘኽር እወታዊ ኣተሓሳስባ

ኣብ መጻኢ ግዜ ዘዘኽር ኣተሓሳስባ፡ ኣሉታዊ ወይ ተስፋ ኣልቦ ምስ ዝኸውን ኣብ ዝበኣሰ ጭንቀት ወይ ሻቕሎት ተራ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ዝም ሓሳባት ናብ ዝያዳ እወታ ምልዋጥ፡ ዝያዳ ኣብ ህሉው ግዜ ክንጸንሕን ብዙሓ እቶም ዛጊት ዘይተኸሰቱ ጉዳያት ኣሉታዊ ስምዒት ካብ ምሕዳር ደው ክንብልን ይሕግዙና።

ገለ ካብ ኣብነታት ኣብ መጻኢ ግዜ ዘዘኽሩ እወታውያን ሓሳባት ንምጥቃስ፥

"ኩሉ ኣብ መመስመሩ ክኣቱ እዩ።"

"ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ናብ እቲ ፍጻመ ክኸይድ እምብዘ ተሃንጥየ እየ ዘለኹ።"

"መጽኣየይ ምእንቲ ብሩህ ክኸውን ናብ ሹቶይ ክሳብ ዝጸሕ ከይተሓለልኩ ክሰርሕ እየ።"

ንእወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ሕሉፍ ግዜ፡ ህሉው ግዜ ከምኡ እውን መጻኢ ግዜ ኣደሂቡ ከም ዝቡር ብምግባር፡ ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣሉታውያን ኣተሓሳስባታት ኣብ ምፍታሕ ክንጥቀመሉም ንኽእል ኢና። ንዝተፈላለዩ መዳያት ጽቡቕ ህላወ ኣብ ምምሕያሽ እውን ዓቢ እጃም ኣለዎም።



## ኣተሓሳስባኻ ምልዋጥ

ቅድሚ ንእወታዊ ኣተሓሳስባ ናብ ተግባር ምውዓልካ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ሰሪጹኻ ከይከውን ክተረጋግጽ ፈትን። እዚ ዝም ዝስዕቡ የጠቓልል።

* **ሕማቕ መጸረይ፦** ኑቲ ዘጋጠመካ ጽቡቕ ኩነታት ሸለል ብምባል፡ ናብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ተሸሚምካ ትፈልጥዶ? ንኣብነት፡ ምስ ዓርኩመሓዛትካ ኣብ ሓደ ቤት መግቢ ክትድረሩ ትቋጸሩ፡ ከም መደብኩም ድማ ጽቡቕ እናተዘናጋዕኩም ጥዑም ድራር ተስተማቕሩ። ኣብ መወዳእታ ናይ ምዝንጋዕኩም፡ ወዮ ኣሳዩ ካብ እቲ ዝሓሰብኩሞ ንላዕሊ ዝተዓጸፈ ሕሳብ የምጽኣልኩም። ኩላትኩም ትሰንብዱ። እቲ ሕሳብ ምስ ተጻረየ ግዱ ናትኩም ዘይኮኑ ናይ ካልኦት ዝተመገብዎ ሕሳብ ኰይኑ ይጸንሕ። በቲ ድሒሩ ዘጋጠመ ክስተት ኩላትኩም ሕርቃንኩም ምውጻእ ይኣብየኩም። ከም ሳዕቤኑ ኑቲ ጽቡቕ ዘምሰኹሞ ረሰዕኩም፡ በቲ ድሒሩ ዘጋጠመኩም ዘሰንበድ ሕሳብ ናብ ምምራርን ሕማቕ ሓሳባትን ትሸመሙ።

* **ናብ ወቐሳ ምህንዳድ፦** ዘይተጸበኻዮ ኩነታት ኪጋጥመካ እንከሎ፡ በቲ ኩነታት ተሳዒልካ ናብ ምውቃስ ወይ ምሕራቕ ገጽካዶ ትህንደድ? ንኣብነት፡ ንሓደ ብኽብሪ ዝዓደምካዮ ሰብ፡ ንዕድመኻ ዝኸውን ምኽንያት ፈጢሩ ምስ ዝጸገ፡ እንታይ ዓይነት ስምዒት ይፈጥረልካ? እቲ ሰብ ኣጦኻ ዘለዎ ንዕቀት ንምግላጽ ከምኡ ዝገበረ ኰይኑ ድዩ ዝኾማካ?

* **ሓደጋ ምጽባይ፦** ሓደ ዘይተጸበኻዮ ነገር ኪጋጠመካ እንከሎ፡ ብድሕሪኡ ካልእ ዝበኣሰ ነገር ከም ዝስዕብ ትጸቢት ምግባር ማለት እዩ። ንኣብነት፡ ንግሆ ንስራሕ ክትወፍር እንከለኻ ሞተር ማኪናኻ ምትሳእ ይኣብየካ። ብድሕሪ እዚ ንሽኻ ኑታ መዓልቲ ከም ቅርሰስቲ ወሲድካ ዝበኣሰ ክስተት ከም ዘጋጠመካ ትጸቢት ምግባር እዩ።

* **ጸዕዳን ጸለምን ኣተሓሳስባ፦** ንነገራት ከም ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ጥራይ ዲኻ እትርእዮም? ማእከላይ ዝበሃልከ የለን ድዩ? ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዝንባሌ-ኣእምሮ፡ ነገራት ፍጹማት እንተ ዘይኮይኖም፡ ብኣኡ ንበኡ ሕማቓት እዮም።

ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝቀላቐለካ ዘሎ እንተ ፈሊጥካ፡ ቀልጢፍካ ደው ከተብሎ ፈትን። ካብኡ ኣደህቦኻ ናብ እወታዊ ኣተሓሳስባ ክትቅይሮ ፈትን። ብዙሓ እቲ ኩነታት ብርትዓዊ መንገዲ ሕሰቦ። በዚ መንገዲ ካብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተገላገልካ፡ ኣብ ካልኦት ሰባት እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምስራጽ እውን ክትሕግዝ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ሓደ ረፍዲ ካብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ክትናገፍ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብምልምማድ ግና ንጉእ ርእሰኻ ዝያዳ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝህልዋ ኣብ ምግባር ክተሰልጥና ትኽእል ኢኻ። ኑቶም ጭብጥታት ዕሽሽ ከም ዘይትብሎም ዘለኻ ኣይትዘንግዖ። ኑቶም ጽቡቓት ነገራት ትውሰኸሎም ጥራይ ኢኻ ዘለኻ።

ንእወታዊ ኣተሓሳስባ ብኸመይ ኢኻ ትለማመዶ? ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝስዕርካ ዘሎ ክርደኣካ ምስ ጀመረ፡ ብኡኡ ንበኡ ብኸመይ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ ክትትክኦ ከም ዘለካ ኣብ ምስልሳል ክትጽመድ ይግባእ። ዝ ንምግባር ዝም መንገድታት እስከ ፈትኖም፥

• **ዝያዳ ክምስ በል፦** ኣብ እተኻየዱ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት፡ እቶም ፍሽኽ ዝበሉ ሰባት (ዋላ ናይ ሓቂ ኣይኾኑን እቲ ፍሽኽታኦም) ንምሕር ጸቕጢ ዘለዎ ስራሕ ክየምሙ እንከለው፡ ዝያዳ እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሰርጾም፡ ካብ ኣብ ንቡር ስምዒት እንከለዉ (ፍሽኽ ከይበሉ) ንላዕሊ ማለት እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ክምስታ ናይ ብሓቂ ክኸውን እንከሎ ኢና ዝያዳ ተረብሕቲ እንኸውን። ክንዲ ዝኸኑ ተዋዚዩቲ ክንከውንን ተዋዚዩቲ መሳርሕቲ ክህልወናን ናይ ብሓቂ ጸጋ እዩ። እናሰሓቕካ እትሰርሖ ዝኸነ ይኹን ስራሕ፡ ኣብ መወዳእታ ኑቲ ስራሕ ብጽቡቕ ንኽሰላሰል ኣመና ሓጊዚ እዩ።



• **ንኸንቲታትካ ዳግማይ ቅረጾ፦** ካብ ቀጻጸርካ ወጻኢ ዝኸነ ሓደ ሕማቕ ነገር ኪጋጥም እንከሎ፡ ኣብ ክንዲ ብሕርቃን መዓንጣ ከብድኻ ትሓርር፡ ካብ እቲ ኩነታት ገለ ጽቡቕ ነገር ከተውጽእ ሃቅን። ንኣብነት፡ ኣብ ክንዲ ብምሕር ጸዕቂ ትራፊክ እተማርር፡ ማኪና ምውናን ንበዕሉ ክሳብ ክንደይ ምቹት ከም ዝፈጥረልካ ዘክር። ማኪና እንተ ዘይትውንካ ነይሩ፡ ክሳብ ክንደይ ኣብ ምስላጥ ስራሕካ ምድንጓያት ኪጋጥመካ ከም ዝኽእል ዝከር ሕሰበሉ። እንተ ደሊኻ እውን መዚቃ ወሊዕካ ክትፍሳህ እኮ ትኽእል ኢኻ።

• **ምስጋናኻ እተሰፍረሉ ዕለት መዝገብ ሓዝ፦** እዚ ቀሊል ክመስል ይኽእል እዩ። የግዳስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ወይ ሰሙን ኮፍ ኢልካ ብዙሓ ከተመስግነሉም ዘለኻ ነገራት ኣብ ደብተርካ ክትጽሕፍ እንከለኻ፡ ኣብ ህይወትካ ዝጋጥሙኻ ጽቡቓት ነገራት ኢኻ ዝያዳ እተድህብ። ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ እቶም ናይ ምስጋና ዕለት መዝገብ ዝሕዙ ሰባት፡ ብዙሓ መጻኢ ግዜ ዝያዳ እወታውያንን ትስፉዋትን እዮም። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ክድቅሱ ክይልዩ እንከለዉ፡ ካብ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ ዝያዳ ልዋም ድቃስ ይወስዶም።

• **ኑቲ ዝበለጸ መጻኢኻ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ፦** ብዙሓ ብሩህ ራእይ መጻኢ ግዜኻ ብዝርዝር ሕሰበሉ። እዚ ንሞያኻ፡ ዝምድናኻ፡ ጥዕናኻ፡ ማዕናዊኻ … ዝምልከት ክኸውን ይኽእል። ህይወትካ ጽቡቕ ደስ ዝም ምህላው ኣብ ኣእምሮኻ እንተ ስኢልካዮ፡ ኣብ ህሉው ግዜ ዝያዳ ሕጉስ ኢኻ እትኸውን።

• **ኣብ ብልጫኻ ኣተኩር፦** ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ሓደ ሰሙን ኣብ ሓደ ካብ ውልቃዊ ሓይልኻ ኣተኩር። ኣብ ሕያውነትካ፡ ዲሲፕሊንካ፡ ልግሰኻ፡ ፈጠራውነትካ … ከተተኩር ትኽእል ኢኻ። ኣብ እታ መዓልቲ ኑቲ ብልጫኻ ብኸመይ ብሓደሽ መንገዲ ክትጥቀመሉ ሓሲብካ ከም ዘለኻ ኣብ ደብተርካ ኣስፍሮ። ብድሕሪኡ ናብ ትግባረ ተሰጋገር። እቶም ከምዚ ክጉበሩ ዝኸኣሉ ሰባት፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ሰሙን ንሓገሶም ዝያዳ ከበርኹ ክኢሎም እዮም። ንዘለዓለም ቅዛት እውን ከጉድሉ ክኢሎም። ብድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ድማ እቲ እወታዊ ለውጢ ዝያዳ ጎሊሑ ተራእዩ።

"ትስፉውነት ሓገስ ዝስሕብ ማግኔት እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ኣማዕቢልካ፡ ጽቡቓት ነገራትን ጥዑማት ሰባትን ናባኻ ክስሓቡ እዮም።"
- ሜሪ ሉ ረቶን
"ትስፉውነት ምረጽ። እቲ ምንታይደሰ፡ ዝሓሸ ስምዒት እዩ ዝፈጥረልካ።"
- ዳላይ ላማ

ይቕጽል

# ዛዕባ ሎሚ

ሱልጣን መሓመድስዒድ

(8ይ ክፋል)

በዓቲ ኣለጎሪ (በዓቲ ፕላቶ እናተባህለ እውን ይጽዋዕ እዩ)፡ ናይ ግሪኻዊ ፈላሲፋ ፕላቶ ፍልስፍናዊ ኣምር እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ በዓቲ ዝነብሩ፡ ብናይ ኣእምሮ መቕሕ ዝተቖየዱ እሱራት፡ ኪኖ እቲ ኣብ መንደቕ ብጸብራቕ ናይቲ ኣብ ማእከል በዓቲ ዝተኣጉደ መጋርያ ዝተፈጥረ ድነ ምስሊ (ጽላሎት) ካልእ ክርእዩም ዝኽእል ሃገር ስለዘየልቦ፡ ድነ ምስሊ (ጽላሎት) እቲ እንኮ ሓቀኛ ሃገር ኮይኑ ከምዝስምዖም ዝገልጽ ዛንታ እዩ። ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ ንዋንኑት ባሕሪ ብዘምልከት ብቐጻሊ ዘልዕልዎ ፋንታዝያዊ ዛዕባ ድማ ምስዚ ናይ በዓቲ ኣለጎሪ ዛንታ ዝመሳሰል'ዩ።


ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ፈደረሽን፡ ዋናኡ ብቐንዱ ኣመራጻ ምኽናን ነታ መልሕቓ ክትኸውን ዝሓረየታ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ተባሂሉ ከምእተገበረን ተመልኪትና። 'ምስክርነት ዲፕሎማሰኛታት' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ፡ መሰርሕ ፈደረሽንን ፍሽለቱን ብዘምልከት፡ ኣብ ኤርትራ በቦዝሒኡ ዝነበሩ ቆንስላት ሕቡራት ኣመሪካ፡ ኣብ 1989 ምስ ጋዜጠኛ ቻርለስ ስቱዋርት ኬኑዲ ኣብ ዘካየድዎ ቃለ-መሕትት ዝበሉዎ፡ ከምኡ'ውን መንግስቲ ሃይለማርያም ኣብ 1991 ናብ ዘምጉበወ ክሳዕ እንከሎ ዝነበረ ተራ ናይ ኣመሪካ ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ደስዕቡ–

## ምርኣይ ፍልስፍና በደላ (ሂብካ ምቕባል) ናይ መለስዶ ኣቢይ፤

ኣብዚ ቀረባ እዋናት፡ ብመገዲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ብወግዒ ዝወጸ 'ሂብካ ምቕባል' ዝመጠረዚኡ እማሙ፡ ምስቲ ኣብ 2004 ብኢህወደግ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣውጺኡዎ ዝነበረ ናይ 'ሂብካ ምቕባል' እማመ ሰላም ዘለዎ ተመሳሳልነት ምርዳእ ኣየጸግምን። ሰላም እዩ ዝደሊ እናበልካ፡ ኩናት ምዕዳም ዝዓይነቱ እዩ። ከምቲ ዲፕሎማሲ ከም መቐጸልታ ኩናት ብካልእ መገዲ ዝዓይነቱ ፖለቲካዊ ተዋስኦ እዩ። እዚ ግን ንመን ክጥብር ወይ ከእምን ይኽእል፡ ብፍላይ ነዊሕ ፖለቲካዊ ተመኩሮ ዘለዎ ህዝቢ ኤርትራ ቁንቀኛ ናይቲ ብሀሎ ከደናግሮ ዝኽእል ኣይኮነን።

# ሃንቅሃንቃ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ 'ኣለጎሪ'

ምስዚ ሕጂ ዘሎ ዛዕባ ኒቲ ኣብ 2004፡ መንግስቲ ኢህወደግ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ብዘምርጋጽ፡ ንውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምቕባል ሓንጊዱ ጸኒሑ፡ ንናይ ህዝባዊ ርክብት ተዋስኦ ኢሉ ዘውጽኦ እማመ ሰላም "ሂብካ ምቕባል" (ሰጥቶ መቀበል) ምዝካሩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ነቲ 'እማመ ሰላም' ኣመልኪታ ጋዜጣ ወይን፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስትር ኢትዮጵያ ነበር መለስ ዜናዊ ቃለ መሕትት ኣካይዳ ነይራ።



ሓታቲ ጋዜጠኛ፡ ብቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ቀሪቡ ብፖርላማ ዝጸደቐ እማመ ሰላም ኣራኢትዩ ኣመልኪቱ፡ "ከምቲ ኣብቲ እማመ ሰላም ተገሊጹ ዘሎ እዚ ናይ 'ሂብካ ምቕባል' መትከል ንብዙሓት ግር እንትብሎም ይስተውዓል እዩ። ሓደ ሓዲኦም ባድማ ሂብካ ዓሰብ ምቕባል እዩ ኢሎም ይትርጉምዎ። ካልኦት ድማ እዚ ሂብካ ምቕባል ዝበሃል ሃገር ጸቡቕ ስለዘይኮነ እንተ ዘይንቕበሎ ይሓይሽ ይብሉ እዮም። ብሰሩ 'ሂብካ ምቕባል' ማለት እንታይ ማለት እዩ ..." ክትብል ንቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ሕቶ ኣቕረበሉ።

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ፡ **"እቲ መትከል ኣቐሚጥናዮ ኢና። ጉዳይ ዶብ ብዘምልከት ንውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ብደረጃ መትከል ተቐቢልና፣ ብመትከል ሂብካ ምቕባል ኒቲ ጉዳይ ምፍጻም፤ ሰናይ ጉርብትና ኣብ ናይ ምፍጣር ድርድር ብዘምልከት ድማ ኑቶም መሰረታዊ ፍልፍላት ናይቲ ሽግር ፈሊኻ ዝ'ውን ብመትከል ሂብካ ምቕባል ምፍታሕ እዩ። . . . . ዝኣም ሓበራዊ ጥቕሚ ብዘረጋግጽ መገዲ ብድርድር ሂብካ ብምቕባል መልክዑ ክፍታሕን ክፍጸምን ከም ዘለዎ ኢና ኣቐሚጥና። እዙይ እዉን ትኽክለኛ እዩ ዝመስለኒ"** ክብል መለሰ።

ጋዜጠኛ ብምቕጻል፡ **"እዚ እማመ ዘላቒ ሰላም ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ከምጽእ ይኽእልዶ፤"** ኢሉ ሕቶ ወሰኸ። መለስ ነዚ ሕቶ'ዚ ክምልስ ከሎ፡ "ከም ዝኾነ ሰብ ዝትልሞ፡ ፖሊሲ እውን ሓሳብ ስለ ዝኾነ፡ ውጽኢቱ ኣቐዲምካ ብርግጸኝነት ምትንባይ ኣጸጋሚ እዩ" ዝብልን ካልእን መልሲ ነቲ ጋዜጠኛ ሃቦ።

እቲ ጓል መገዲ ዝኾነ ዝተሓላለኸ መልሲ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር መለስ ዜናዊ ንጎደኒ ጉዳይ፡ እቲ እማመ 'ሂብካ ምቕባል' ኣብ ዓንኬል ናይ ኤርትራ ልዑላዊ ዝኾነ ግዝኣታት እዩ ዝመላለስ። ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ተዋሂቡ ከሎ፡ እቲ ንኤርትራ ዝተባህለ ኣብ ትሕቲ ጎበጣ ኢትዮጵያ ዝነበረ ክፋል ልዑላዊ መሬት ኤርትራ፡ ንካልእ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ መርከቢ ከም መደራደሪ ነጥቢ ዘቕርብ እማም ሰላም እዩ። ስለዚ እቲ ድሕሪ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ብዘለ ሰበስልጣን ናይተን ቀንዲ ኣውሓስቲ ስምምዕ ዝነበራ ሃገራት ዝቐርብ ዝነበረ መረረን ምዕዝምዛምን፡ ብሓደ ወገን ንኣጀንዳ መራሕቲ ኢትዮጵያ ዝድግፍ ኮይኑ፡ በቲ ካልእ ሸነኹ ድማ ነቲ ጉዳይ ንምትታት ካብ ዝካየዱ ዝነበሩ ዘመተታት ምኽንያም ይስወጠሩ። ርእይ ምድንጋጽ ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ ጀንዳየ ፍሬዘር ኣብቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ፍጻመታት፡ ካብዚ ንዝልኪ ህዝባዊ ርክብት ከገልግል ተባሂሉ ዝተማህዘ ኣጀንዳ ዝቐለ ምኻኑ ተራእዩ እዩ። ጀንዳየ ፍሬዘር ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ ባድመ ረፈረንዱም ክካየድ

ሓሳብ ኣቕሪባ ምንባራ ኣይርሰዕን።

ብሕጻር ዝበሉ፡ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ መልሲ እንተተመልኪትና፡ ምስቲ "ናይ ዘተ መድረኽ ይፈጠር፡ ተዘራረቡ" ዝብል ድፍኢት ናይተን ኣውሓስቲ ስምምዕ ዝኾና ሃገራት ኣኻኺቡካ እንክርእ፡ ኒቲ ቕሙጥ ሽግር ንምፍታሕ ዝዓለመ ዘይኮነ፡ ንልዑላውነት ኤርትራ ዝፈታተን ውሳኔ ንምውሳድን ኒቲ ከንቱ ዕግርግር ምንዋሕን ምትሕልላኽን ዝዓለመ ከም ዝነበረ ግሁድ እዩ።

እምበኣርከስ እቲ ቃና ሎሚ'ውን ብሓዲስ ቕዲት ግናኸ ብዘይዳ ግሉጽ ዝኾነ መገዲ ብሓያል ፍጥነት ይዝመተሉ ኣሎ። ህሉው ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ከም ልማዱ ምንጪ ወኸሰ እቲ ዝቐድሖ ሓሳብ ከይጠቐሰ፡ ቀዳማይ ኣጀንዳኡ ገይሩ ብሹሉ ወገን ይሰርሓሉ ኣሎ። እቲ ዕማም ደሮ ወጽኢት ክህብ ዝጀመረ ንምምሳሉ ድማ፡ ገለ ገለ ፖለቲከኛታትን ኣማለድትን (ለባሳት) ናይቲ ስርዓት ካብቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ (ህልዊ ኩነት) ኣንደልሂጾም፡ ኒቲ ቅኔ ምስጢሩን ንባቡን ከይፈላለዩ ፍታሕ ዝብልዎ ጓል መገዲ




ከጋውሖ ደስምዑ ኣለው።

እዚ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጸኣ 7 ዓመቱ ደፊኑ ዘሎ መንግስቲ ብልጽግና፡ ነታ ሃገር ኣብ ዝበረኸ ብሄራዊ ወጥሪ ቁጠባዊ ጸገማት፡ እናወሰኸ ብዘኸይድ ዘይምርግጋእን ዓሚቝ ፖለቲካውን ሕብረተሰባውን ቅልውላው ከም እትሓልፍ ሃገር ገይሩዋ ይርከብ። ከም ኣካል ናይዚ ህውቱት ስትራተጂ'ዚ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ነታ ሃገር

ናብ ህንም ጸድፊ ዝወሰድ ዘይተኣሳሰር ፖሊሰን ወጥንን እናተኸተለ፡ ኣብ መሰኮት ተለቪዥን ቀሪቡ ወይ ወከልቲ ህዝቢ ኣኪቡ ዝዘረቦ ዝጸጸአ መርሓታት ሓዋሲኑ፡ ነታ ሃገር ናብ ሓውሲ ዕውሎት ኣቃሊሕዋ ይርከብ። ኣብዮ ክፋል'ታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ መንግስቲ ኣልቦነት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ህዝቢ እታ ሃገር ኣብ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝነበሮ እምነት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዱ ከሎ፡ "ንሕና ርእቲ እንዳምጽትና ክንወርር ኣይብልናን፡ ባሕሪ ሃቡና. . . ካብ ጺጋና ከተካፍሉኩም ኢና ንብል ዘሎና" ዝብል ካልእ ዕሽነት ዝመልኦ ዘረባ ምድርባይ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ።

ዕሽነት ናይቲ 'ሂብካ ምቕባል' ዝብል እማመ ባዕሉ ኣፍ ከፊቱ ዝዛረብ እዩ። ምኽንያቱ ልዑላውነት ብህሪኡ ክሸየጥ ዝኽእል ኣቕሓ ኣይኮነን። ነቲ ልዑላዊ ግዝኣት ብበርኪ ናይ ንግድ ትካላት ምልውዋጥ ዝብል መሰላቕ ዲኢላ ምኽኑይ ንምግባር፡ 'ሰብት ኣብ ማርስ ግዝኣት ክሕዙ እናሓለሙ፡ ኣብ ኣፍንጫና ዘሎ ባሕሪ እንተሓለምና እንታይ ነውሪ ኣለዎ፤' ብዝብል ዕሽነት ምስናይ ከኣ እቲ ዝገደደ ኣብደትነት እዩ።

ዕላማ ናይዚ ኩሉ ሃልወሳ ንጹር'ዩ። ነቲ ፍታሕ ዝጠልብ ዘሎ ወሽጣዊ

ኩነታት ኢትዮጵያ፡ ክውንነታዊ መልሲ ኣብ ክንዲ ምርካብ፡ ዛዕባ ካብ ውሽጢ ንደገ ብምቕናዕ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብዘይሰምር ባህጊ ኣረሳሲዕካ ኒቲ ቀንዲ ጉዳያት ንምዕብላኹ ዝዓለመ እዩ። እንተኾነ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ "ከም ቀደም ይመስለክን. . ." ከምዝበሃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ዝካየድ ዘሎ ዘመተ፡ ወሽጣዊ ጉዳይ ምርሳዕ ምኻኑ ስለዝተገንዘበ፡ ዚ ብሉይ ሜላ ከበር ኣይወሰደሉን።







ነቲ ቀያድን ናይ መወዳእታን ብይን ኮምሽን ዶብ ናብ ሓሸወየ ዘዘኑ ሂብካ ምቕባልን ንምምላስ ጸዕርታት ካብ ዘካየዱ ዝነበሩ 1) ፍሉይ ልኡኽ ሕ.ሃ. ሎይድ 2) ጀነራል ካርልቶን ፉልፎርድ 3) ጀንዳየ ፍሬዘር

ይቕጽል . .

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ድሕሪ ውድቀተይ

15 መጋቢት 2015

ኣስመራ



ኣብ ውድቀትካ ከም ምንባር ገደሩ ዘቖጥዓኒ ነገር የብለይን። ሓደ ሰብ ሓደ ነገር ፈቲኑ ምስ ፈሸለ፡ ኣኺሉዎ ብኣኣ ምኒን ክብል ክሰምዖ እንከለኹ ኣይጸወሮን'የ። ልክዕ'ዩ፡ ሰብ ዓንቀሙ'ዩ ዝገብር። ብውድቀትካ ምኒን ምባል፡ ኣብ ውድቀትካ ምንባር፡ ግን ትሕቲ ናይ ዝኾነ ሰብ ዓቕሚ እዩ። "ዓቕሙ ንሳ ኲይና፡" ክትብሎ ፍጹም ኣይከኣለን። ኣነ ከምኡ'የ ዝኣምን። እዚ እምነት ፍጹም ጌጋ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ ብዙሕ ደኣ ኣይኾን እምበር፡ ዕድለይን ኩነታት ከባቢየይን ዘፍቀደ ኣፍደገታት እፍትነሉ እየ። ምስቲ ባህ ዝብለኒ ኣካይዳይ ዝቃዶ ኩሉ ብሰሰዐ እጓየየሉ። ኣብ ገለኡ እዕወት፣ ኣብ ገለኡ ከኣ እፈሽል። ውድቀተይ፡ ዋላ ደኣ ንሓጺር ግዜ ዘሕርቐኒ እንተኾነ፡ እናስሓቕኩ'የ ሓመደይ ዝነግፍ። እቲ ንኽመሃር ንኽሰርሕ፡ ንዝዘብ ንኽገብርን ክኽሰብን ዝፍትኖ ፈተነታት፡ ምስ ዓቕመይን ክእለተይን ስለ ዝምርኩሶ፡ ናተይ ነገር ገይረ'የ ዝወስዶ። እቲ ገለኡ ልዕሊ ዓቕመይ ዝኾነ ነገራት'ዩ።

ናይዚ ጽቡቕ'ዩ ዝስመዓኒ። "ስለምታይ ክንዲኡ ዘይገበርኪ?" ኢለ'ውን ንነብሰይ ኣይወቕሳን። ዓቕማ ንሱ'ዩ ነብሰይ መዓረይ። ግና እዚ ዘሎዋ ዓቕሚ ገና ንእሽተይ ከም ዘሎ ግን ኣገንዝብ። እዚ ዝሓለፈኒ ስራሕ፡ ኣብ መስመር ሞያይ ዝርከብ እንተ ኲይኑ ነብሰይ ክሰልጥን ከም ዘሎኒ ኣእሚን ክብገስ እፍትን እየ። ሓደ ሓደ ግዜ ናተይ ሕመቕ ዘይኮኑ ብመንፍዓተይ ዘይቀይሮ ምኽንያታት ዘሎዎ ውድቀት እውን የጋጥመኒ እዩ። እዚ ከኣ "ሕመቐይ ኣይኮነን" ኢለ ኣብ ውሽጠይ ኣየእትዎን።

ከም ዝኾነ ሰብ ምሉእ ኣይኮንኩን፣ ናብ ምሉእ ዝቐረበ ሰብ ክኸውን ግን እጽዕር። ሓደ ሓደ ግዜ ብልክዕ ብሕመቐይ ዘጋጥመኒ ውድቀታት ኣሎ። ስኣን ምስትውዓለይ፡ ብሰሪ ደቃቕ ምስትውዓል፡ ዓንውነው ዝብለኒ ግዜ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት ብልክዕ እሓርቕ እየ። ጌጋ ክርከበኒ የብለይን በሃላይ ኣይኮንኩን፣ ብፍላዋ ግን ክጋገ የብለይን። ምስናይ እኹል ዓቕመይ፡ ብሕመቐይን ብሸለልትነተይን ክወድቕ እንከለኹ፡ ካብ ሰብ ዘሎዎ ከባቢ ቀልጢፈ'የ ዝርሕቕ።

እዚ ሕርቃን እንክሎኒ ክዛነ ኣይመጽኣለይን እዩ። ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ወይ ነዊሕ ዝርብሽ ዘይብሉ ጉዕዞ እግሪ ብምኻድ ምስ ነብሰይ እምዓት።

ነፍሲ ወከፍ ገምጋም ስርሐይ ኣብ ገጻት ዳየሪይ ኣሰፍሮ'የ። ጸጸኒሐ ንድሕሪት ተመሊሰ ኣንብቦ'ሞ ጽቡቕ ይስመዓኒ። ዘየውጽእ ሓሳብ ሒዙ የሸግረኒ እንተ'ሎ ናብዚ ዳየሪይ እየ ዝኸይድ። ኣብኡ ኣዕቁብ። ንሳ ከኣ እምንትን ሓቛፊትን ስለ ዝኾነት፡ "በዚ ንዝለ" ኢላ ኣይተነግረለይን።

ንዳየረይ፡ ከመይ ኢሉ ምንጪ ህድኣተይ ገይረያ ኣይርድኣንን። መሓለዊት ሚዛነይ ዳየረይ እያ። መደባት ዕማመይ ኣብ ገጻት ዳየረይ ኣሰፊረ'የ ዝወፍር። ዝወዓልኩዎ ከኣ መጺኤ ኣዋግዓ። ድሕሪ ዓወተይን ውድቀተይን ልዝበይ ምስ ዳየረይ እዩ።

ሎሚ ናይዚ ዓመት ዳየረይ ገንጺለ ኣንብባ ነይረ። እናንበብኩ ምስ መዛኖይ ከወዳደር እቲ ጽሑፋተይ መሪሑኒ። ሕሰብ ኣቢለ'ሞ፡ ካብ ዝፈልጦም መዛኖይ ዝኾኑ ሞያተኛታት እቲ ብዙሕ ዝጋገ ኣነ ኲይነ ጸኒሐ። ብዝሎኒ ብቕዓትን ዓቕምን ጽቡቕ ፍናን ነይሩኒ። ብዙሕ ጌጋ ንብዙሕ ሕመቓይ ምስክር ኣይኩነንን፡ ነቶም ጌጋታተይ ሕልፍ ሕልፍ ኢለ ፈቲሸዮም። በበይኖምን ዘይራኸቡን እዮም። ንሓደ ጌጋ ደጊመ ተጋግየ ከይከውን ፈቲሸዮ። ዛጊት ጽቡቕ ኣለኹ። ስለዚ፡ ብዝሒ ጌጋታተይ ብዝሒ ፍሽለተይ ኣይኮነን። ዋዒየይ መሪሑኒ ዝኻሕኳሕኩዎም ብዙሓት ኣፍደገታት ከም ዝከፈሉ እዩ ኣርእዩኒ። "ብዙሕ ውጥም ቀልቀል ... ቀልል።" ይብል ሰላማዊ፡ ዘቕልለኒ ውጥም ቀልቀል ክይከውን እስከፍ።

ጃምቦ

### መልሲ ሕቶይ

19 መጋቢት 2025 09:35 ድ.ቐ.



ሳንዳይ ንብዓት፡ ጓሂ፡ ሓዘን፡ መናብርቲ ሰባት ምሕኳም ክኽሕድ መሪጸ ኣለኹ። ሎሚ ኣብ ስራሕ ከቢድኒ እዩ ውዒሉ። ኣብ ኣጋ ምፍዳስና ክልተ መሳርሕተይ ዘይተጸበኹዎ መርድእ ኣሰምዓኒ። ግዕረይ ክሻቐላ ብምቕናየ፡ ነቲ ሕማቕ ወረ ኣብ መገዲ ከይሰምዖ ብምባል እየ ዝነግሩኒ። ኣነ ግን ክኣምን ኣይከኣልኩን። ከመይ ኢለሽ ክኣምን? ቅድሚ ገለ እዋን ምሕዋየን ካብ ሕክምና ምውጽኡን ባዕሉ ዝነገረኒ ሰብ፡ ሞቱ ክሰምዕ ከመይ ኢለ ክቕበሎ። ቅድሚ ሳልስቲ፡ ብኢንተርነት ክረኽቦ ፈቲነ፣ ኣብ መስመር ግን ኣይጸንሓንን። ኩነታት ጥዕናኡ ትሓተት መልእኽቲ ገዲፈሉ ወጺአ። እንተ ንሱ ድሮ ዘልኣለማዊ ሕውየት እዩ ሓውዩ ነይሩ። እኳ ከይከናኸኖ፡ ቃንዛኡ ከይካፈልኩ፡ ኣብ ርሑቕ ዓዲ ስፊሩ።

እንድዒ ሳንዳይ ውሽጠይ ምስ ገዛእ ርእሰይ ኣብ ምጉት የእትዋኒ ኣሎ። ክውንነት ክኽሕድ፣ ዝተለመደ መርድእ ከም ዘይረኣኹ ክሓልፎ፣ ነቲ ብብዝሒ ሰብ ዝተዓጀበ ኣካሉ ዝጾረ ሳንዱቕ ክርኢ፣ ክቕበሎ ዕረ ዋዒመኒ። ሳንዳይ ደጃ እኳ'ዩ ሞይቱ። መልሲ ሕቶይሲ ሳንዱቕ ሬሳ ክኸውን ኣይተጸበኹን። ኣብዚ ዝጽሕፍ ዘለኹ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሞባይለይ መልእኽቲ መጽኣትኒ። 'in acceptance there is peace.' ሰላም ደኣ መን ይጸልእ፣ ምቕባል ግን ክንደይ ኢና እንኽእሉ። ነዚ ዘለኹዎ ህሞት ምቕባል ቀሊል ኣይመስለንን። 'ኦ ፈጣሪ ዕረፍቲ ሰላም ግበረሉ!' እታ ዕረ እናጠዓመትኒ ዘውጻእኩዋ ቃል እያ። ሳንዳይ ብሩኽ ለይቲ! መንፈሰይ ምስ ረግኣ የራኽበና።

Be.s

## ስድራይ

09 ጥቅምቲ 2006

09:00 ድ.ቐ.

ከመይ ኣምሲኺ ዳየሪየይ? ንዓኺ ዝበቅዕ ስም ክደሊ ዘይሓሰብኩዎ የብለይን። ኣብ ገለኡ ዝሓሰብኩዎ ስም፡ ንመጸውዒ እንስሳታት እንጥቀመሉ ኲይኑ ይስመዓኒ'ሞ እገድፎ። ገለኡ ዝመጽኣኒ ኣስማት ከኣ ነዚ ናትኪ ኣቦርኩቶ ዘይመጣጠና፡ ኣረ ዘይቀራረቦ ይኾነኒ። ብኽምዚታት ብዘይ ስም ክሳዕ ሕጂ ኣለኺ። ስም፡ ኣባይ ንዝሎኪ ኣቦርኩቶን ዘምጽኣሉ ለውጥን ክርእዮ ብዘይ ምኽኣሉ'ውን ተገዲሰተይ ውሑድ ነበረ። ሎሚ እታ ኣነን ንሽኽን እዚን ምኒን እንበሃለላ ሰዓት ሓሊፋ'ያ። ምኽንያቱ፡ ስድራይ ገይሸም'ዮም ወጺሎም። ዘገበል ኣደይ ከይፈተሽኩ'የ ናባኺ ኣቢለ። ሎሚ ዘይከምቲ ዝተለመደ ኣጻሓሕፋ ክጽሕፈልኪ'የ።

ንግሆ ኣደይ ኣብ ምዕጉርተይ እናጠብጠበት፡ ብትሑት ድምጻ፡ "መዓር ወደይ! መዓር ወደይ! ተንስእ ንዓ ተላኣኸኒ" እናበለት ኣበራበረትኒ። ምሉእ ለይቲ ዝናብ ክዛርም'ዩ ሓዲሩ። ኣደይ፡ በቲ መስኮት ዘለሓኾ ማይ ክትጽርግ፡ ብናሕሲ ዝነጥብ ዝነበረ'ውን ኣብ ባይታ መዕቆሪ ክትገብረሉ፡ ዳርጋ



ኣይደቀሰትን። ወጋሕታ፡ ንዝናብን ጸላምን ግዚያዊ ንግስነትኩም ኣብዚ የብቅዕ ክትብል ክትምስል፡ መሬት ዋግዋግ ኲነት፣ ጸሓይ ግን ብምልኣት ኣይበረቐትን።

"እዴ፡ ገና እንድዩ ዘሎ" በልኩዋ ብሸፋን ኮርታይ።

"ተንስእ፣ ኣቦኻ ተደሃዩም፡" በለትኒ፡ 'ብንግሆኡ ኣቦይ ዝደሃዩ ደኣ ከምቲ ልሙድ መገሻ ሃልዩዎም ኲይኑ?' በልኩ ብልበይ። ካብ ዓራተይ ከይተሳእኩ፡ ገዛና ከም ዘይፈልጣ ብኣዒንተይ ኲለልኩዋ። ንኣሽቱ ኣሕዋተይ ድሮ ተንሲኦም ነበሩ፣ እንተኾኑ ካብ ዓራት ከይወረዱ ይጸወታ ነበሩ።

ጫማይ ወድየ ክወጽእ እንከለኹ፡ ኣደይ ተገሺላ ዘገበል ተዳልያ፡ ተሸፊና ረኣኹ። ስድራና ምልእቲ'ያ፣ ኣሕዋተይ ገሸቲ ብምንባሮም ንኣሽቱ ተረፍና። ናብ ስራሕ ኣቦይ እናኸድኩ፡ ኣሕዋተይ ተዘከሩኒ። ኣደይ፡ 'ናብ መናዓም ትኸውን?' ክሓስብ መገደይ ኣፋረቕኩዎ። እታ ዓባይ ሓፍተይ፡ ኣብቲ እትሰደልና ደብዳቤ፡ "ዝናፍቓኩም ስድራይ፡ ከመይ ኣለኹም? ኣነ ብዘይካ ናፍቖትኩም ጽቡቕ ኣለኹ። ንኣሕዋተይ፣ ክርናዕ፡ በሪቓን ቀንዴልን ስዕም ኣብሉለይ፡" ትብል መስመር፡ ደጋጊምና ንንብባ ነበርና። ቀጽሪ ስራሕ ኣቦይ ብማዕዶ ረኣኹዎ። ኣሻበይ ኣብኡ በጺሐ ኣይተረደኣንን። ሕጂ'ውን እታ ዘንቢል ቀጀል በለትኒ። ምንእሰ በዥሪ ሓወይ ተዘከረኒ። "ንፍትውቲ ሓፍተይ፡ ንፍትው ሓወይ፡" ብምባል ኣብ ቀዳማይ ገጽ መጽሓፍ ጽሒፉ ይመላኣልና ወይ ይሰደልና ነበረ። ኣደይ፡ ናብ ሓወይ እንተ ኲይና፡ እታ 'ዕጫ ሓንቲ ስድራ' እትብል መጽሓፍ ክትማልኣለይ'የ ዝደሊ። ምኽንያቱ፡ "'ጊታኖ' ምስ ወዳኣካያ ክሰደልካ'የ፡" ኢሉኒ ነይሩ'ዩ። ቀንዴል ሓፍተይ ግን 'ብዘይ ስድራ' ከተንብባ ከም ትደሊ ነጊራቶ ነይራ'ያ። ኣነ ግን ብዛዕባ 'ዕጫ ሓንቲ ስድራ' እናሓሰብኩ ስራሕ ኣቦይ በጺሐ።

ኣቦይ ከኣ፡ "ከመይ ሓደርካ? ተሰፋ ጓለይ...፡ ክብሪ ወደይ ኢ...፡" ብኽልተኡ ኢዱ ርእሱ እናሓዘ ድሕሪ ኩሎም እቶም ዘየለው ዓበይቲ ኣሕዋተይ ስመይ ጸወዐ።

ዳየረይ በሊ ድሕሪ ምጉርጓር ዘገበል ኣደይ የራኽበና፣ ተሰፋ እገብር ምስ 'ዕጫ ሓንቲ ስድራ' ይመጽኣኪ ይኸውን።

ኩርናዕ



ደንጉላ የንከራሩ የንከራሩ፡
ወይ ንቐላይ ወይ ንሓመዱ፣
ንጸጋምን የማንን ንፋሳት ይቀያየሩ፡
ይትኹለሉ ይዝዘራገቱ፣
ንስኻስ ቀወም ደኣ መትከለይ ንሓዋሩ።

- - - - - - - - - - - - - - -

ብሌን ግርማይ

/ 02 ሰነ 2018 - ኣስመራ /

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓይልታት ምክልኻል ይቕጽል

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝሰላሰል ዘሎ ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓይልታት ምክልኻል፡ ሰንበትን ሰኑይን ኣብ ሜዳ ቦውሊንግ መኣከር ደንደን ብጸወታታት ባድሚንተንን ኩዕሶ ሰከይትን ቸዝን ቀጺሉ ወዒሉ።



ብሰንበት ኣብ ናይ ባድሚንተን ናይ ንጽል ደቂ-ተባዕትዮ ጸወታ፡ ሓሬና ንሰንጥቕ፡ ሳዋን ንክንፌ 2-ብ0 ክስዕረአን ከለዋ፡ ሸዐላ ምስ ሰንጥቕ ዝተቐደአ ግጥም ድማ ሸዐላ 2-ብ1 ሰዒራ። ኣብ ናይ ዝተ-ሓናፈጹ ተጻወትቲ ዝተኻየደ ግጥም ድማ፡ መኸተ ንብድሆ 2-ብ0፡ በፈር ንሸዐላ ድማ 2-ብ1 ኣፉንጆንአን። ኣብ ድርብ ጸወታ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሓሬና ንሳዋ፡ በፈር ንክንፌ፡ በፈር ንብድሆ፡ ሰንጥቕ ንሓሬና ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ክሶረአን ከለዋ፡ ሸዐላ ንሰንጥቕ ድማ 2-ብ1 ሰዒራታ።

ኣብ ናይ ሰኑይ ጸወታታት ድማ፡ ግጥማት ኩዕሶ ሰከይት 3-ብ3 ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ዓምበርበብ ንብድሆ 15-ብ14፡ ሸዐላ ንሰንጥቕ 15-ብ8፡ ክንፌ ንመኸተ 17-ብ7 ተዓዊተናለን።

ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ግጥም፡ ሓሬና ንመኸተ 15-ብ3፡ ዓምበርበብ ንሰንጥቕ 10-ብ7፡ ሓሬና ንክንፌ 15-ብ7፡ ብድሆ ንሰንጥቕ 7-ብ5፡ መኸተ ንሸዐላ 8-ብ2 ሰዒረንአን።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሳዋ ንብድሆ 22-ብ6፡ ሓሬና ንበፈር 13-ብ10 መኸተ ንሰንጥቕ 16-ብ11 ተዓዊተናለን። ሰኑይ ድ.ቀ. ውድድር ቸዝ ኣብ ዝተሰርዓሉ፡ ኣብ ናይ 11 ዙር ግጥም ደቂ-ተባዕትዮ ሸዐላ ንመኸተ 2-ብ1፡ ክንፌ ንሰንጥቕ 3-ብ0፡ ዓምበርበብ ንሓሬና 3-ብ0፡ በፈር ንብድሆ 3-ብ0 ሰዒረንአን። ኣብ ናይ-ደቀንስትዮ ሸዐላ ንመኸተ፡ ሰንጥቕ ንክንፌ 2-ብ1 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ዓምበርበብ ንሓሬና፡ በፈር ንብድሆ፡ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3-ብ0 ረቲዐንአን።

ኣብ 12 ዙርያ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ በፈር ንሸዐላ፡ ብድሆ ንሓሬና፡ ክንፌ ንዓምበርበብ፡ መኸተ ንሰንጥቕ 3-ብ0 ብዘኾነ ወጽኢት ኣፉንጆንአን። ኣብ ደቀ-ንስትዮ በፈር ንሸዐላ 3-ብ0፡ ብድሆ ንሓሬና 2-ብ1፡ ዓምበርበብ ንክንፌ 3-ብ0፡ መኸተ ንሰንጥቕ 2-ብ1 ሰዒረንአን።


እዚ ውድድር ሎሚ ረቡዕ ብጸወታታት ኩዕሶ ሰከይትን ቸዝን ከም ዝቕጽል ህዝባዊ ርክባት



መኣሳን ሓብሬታን ኀሸንሸን ሚ/ምክልኻል ሓቢሩ።

## ግጥም ኤል ክላሲኮን ተርእዮታቱን





ሰንበት 11 ግንቦት ኣብ መንጎ እተን ዓበይትን መቐናቕንትን ክለባት ላሊጋ ዝኾና ባርሰሎናን ርያል ማድሪድን ዝተኻየደ ግጥም (ኤል ክላሲኮ)፡ ሸውዓተ ሹቶታት ዝተመዝገበሉ ኣዝዩ ሓያል ጸወታ ነይሩ፣ ኣብ ወሽጢ 13 ደቓይቕ ብክልተ ሹቶ ዝመርሐት ማድሪድ ድማ 4-ብ3 ተሳዒራ ክትወጽእ ተራእያ።

ማድሪድ ብመገዲ ኤሪክ ጋርሽያ፡ ላሚን ያማል፡ ራፊና (ክልተ)፡ ኣርባዕተ ሹቶ ክትረኽብ ከላ፡ ማድሪድ ድማ ብመንገዲ ከልያን ምባፐ ሃትሪክ ሰሪሓ።

ኣብ ፈለማ ወርሒ ጥሪ ባርሳ ብሸሞንተ ነጥቢ ካብ ማድሪድ ድሒራ ኣብ ማበል ሳልሳይ ደረጃ ላሊጋ ምንባራ ዝዘከር ኮይኑ፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ትማሊ ሰንበት ሕዱኣ ብምፍዳይ፡ ብሸውዓተ ነጥቢ ንማድሪድ ማሕዲጋታ ኣሎ።

ኣብዚ ናይ ትማሊ ሰንበት ግጥም ሓደ ካብቲ ፍሉይ ተርእዮታት ዝነበረ፡ ናይ'ቲ ኣብ መፀዚ መዝገር ኮፍ ኢሉ ልዕሊ ያማልን ካልኦት ተጻወትትን ኣድኒሆ ካሚራ ስሒቡ ዝምሰየ ሰብ'ዩ። እዚ ኣቦ ወዳ ንሓንቲ ካብ ህቡባት ኣመራጻውያን ስድራቤት "ካርዳሽያን" ዝኾነት፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ዓለምና ዝለዓለ ሰዓብቲ ዘለዋን ከይሊ. ጀነር ዝኾነ፡ ዕሉል ደጋፊ ባርሳ ምኻኑ ዝንገረሉ ኣመሪካዊ ራፐር ትረቪ. ስኮት፡ ክሳብ ክንደዚ. ኣደነሆ ማዕከናት ዜና ዝረኸበሉ ምኽንያት እንተኺይሩ፡ ኑ፡ ናይ ውልቁ ካሉነስ ጃክ "Cactus Jack" ዝብል ሎጎ ኣብ ቅድሚት ገጽ ማልያ ባርሳ ተወቒሩ፡ ተጻወትቲ ኣብ ግጥም ኤል ክላሲኮ ወደየሞ ክጻወቱ ምስ'ታ ክለብ ብምስምማዕ'ሞ ናብ ከተማ ካታሎንያ ብኣካል ብምምጻእ ኑ፡ ጸወታ ብምክትታሉ እዩ። ባርሳ ምስ ተዓወተት ድማ ከም ብተይ ክዘልልን ብዘሐ. ኣሰኢል ምስ ያማል ክወስድን ተራእዩ።

ባርሰሎና ኣብዚ. ዓመት ጸወታ፡ ኣብ ናይ ሰንበት ግጥም ላሊጋ 4-ብ3፡ ኮፓ ደል ረይ 3-ብ2፡ ሱፐር ኮፓ ደል ስፓኛ 5-ብ2፡ ዝሓለፈት ግጥም ላሊጋ ድማ 4-ብ0 ብምዕዋት ኣብ ታሪኽ ኤል ክላሲኮ ናይዚን ክልተ መቐናቕንቲ፡ እቲ ዝበዝሐ ዓወትን ዓብላልነትን ዘርኣየትሉ ወቕቲ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ወዲ 17 ዓመት ያማል ድማ ኣብ በርናቡን ማንጁዊክን ንማድሪድ ሹቶ ምስ ኣመዝገበ "ካልማ" ብዝተብሃል ስፓኛዊት ደርፌ ተላህዩ። ብኮልኡ ሽንኽ ድማ ምባፐ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022፡ ከምኡ'ውን ግጥም ላሊጋ 2025፡ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጸወታታት ሃትሪክ ሰሪሑ ኩብቕዕ ክለቡ ተሳዒራ ዝወጸትለን ኣጋጣሚታት ተባዚለን ተሰኒደናሉ ኣለዋ። ኣጥቃዓይ ባርሴሎና ልዋንዶውስኪ. ድማ ብዘጋጠሞ ማህረምቲ ኣብ ዕረፍቲ'ኳ እንተዛለወ፡ ጸወታ ምስ ተወደአ ግን ናብ ሜዳ ወሪዱ ምስ ጓሉ ኩዕሶ ክጻወትን ክዘልልን ተራእዩ።

ማርከስ ራሽፎርድ እውን ብወገኑ፡ ድሕሪ እዚ. ጸወታ፡ ንያማል፡ "ንእሽቶ ንጉስ" "young king" ብምባል ኣብ ናይ ኢንስታግራም ገጹ ኣሰፊርዎ ኣሎ።

ቅድሚ ገለ ሰሙንታት እውን እዚ. ዓይኒ ባርሴሎና ኮይኑ ዘሎ ላሚን ያማል፡ ምስቲ ተጻዋታይ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣብ ባርሴሎና ዓቢ. ኣስተዋጽኦ ዝገበረ ቴሪ ኦንሪ፡ ማልያ ከም ዝተለዋወጠ ይፍለጥ።

## ዓንሰባ - ቅነ ተመሃሮ ተዛዚሙ

5 ግንቦት ዝፈለመ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ቀዳም 10 ግንቦት ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተዛዚሙ።

ኣብዚ. ካብ መላእ ዞባ ዝመጽኡ 1800 ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ውድድራት፡ ተወዳዳርን ስፖርታዊ ጭውነትን ዝዘበሮ ውድዳር ተሰላሰለ። ኣብ ግጥማት ኩዕሶ ሰከይት፡ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከረን፡ ቤት/ት ሮራ ከረን፡ ቤት/ት ላሳሊ፡ ተመራሪሐን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ተሸሊመን።

ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ካልኣይ ደረጃ ቤት/ት ከረን፡ ቤት/ት ላሳሊ፡ ቤት/ት ሮራ ተመራሪሐን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተሸሊመን። ኢልሚክ ዳዊት ካብ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሰፋኢ የሰፍ ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ብሉጻት ተጻወትቲ ኮይኖም ተሸሊሞም።

ኣብ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፡ ዒላባርዕድን ከረንን ንዋንጫ ክሓልፉ ከለዋ፡ ሓልሓልን ሓመልማሎን ናይ ደረጃ ግጥም ኣካይደን። ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ሓልሓል፡ ኣሰማጥ፡ ሃበሮ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብቐደም-ተኸተል ተሸሊመን። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ዒላባርዕድ፡ ከረን፡ ሓመልማሎ ድማ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን። ሓሴን ሳልሕ ካብ ሓልሓል ከምኡ'ውን ሰና ሙልጌታ ካብ ዒላባርዕድ ብሉጻት ተባዚሎም ተሸሊሞም።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዕድመ 12-13፡ ሓመልማሎን ሓልሓልን ንደረጃ ክራኸባ ከለዋ፡ ከረንን ዓዲተክሌዛንን ድማ ንፍጻመ ተራኺበን። ወጽኢት ግጥማት ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ኣሰማጥ ቀዳመይቲ ሓመልማሎ ካልኣይቲ ዓዲተክሌዛን ድማ ሳልሰይቲ ኮይነን ተሸሊመን። ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዓዲተክሌዛን፡ ከረን፡ ሓልሓል ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሓዚየን። ብሉጻት ተጻወትቲ ዓብደልከሪም መሓመድ ዓብደላ ካብ ኣሰማጥ፡ ለወዛት የወዛሽ ካብ ዓዲተክሌዛን ብምዃን ተሸሊሞም።



ኣብ ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ካልኣይ ደረጃ፡ ኣብ መዛዘሚ፡ ከረን ቀዳመይቲ፡ ገሉብ ካልኣይቲ፡ ዒላባርዕድ ድማ ሳልሰይቲ ብምዃን ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ከረን ቀዳመይቲ፡ ኣሰማጥ ካልኣይቲ፡ ገሉብ ሳልሰይቲ ኮይነን ተዓዊተን። ብሉጻት ተጻወትቲ ናይ ክልቲኡ ጾታ ድማ፡ ፈትሒ. ሓሰበላ ካብ ከረን፡ ሓሊማ ዓብደላ ካብ ኣሰማጥ ተሸሊሞም።

ኣብ ኣትሌቲክስ 3000 ሜትሮ ደቂ-ተባዕትዮ ኣቤል ፍትዊ ከረን ቀዳማይ፡ ኢያብ ርእሶም ዓዲተክሌዛን ካልኣይ፡ ዓንዳይ በየነ ድማ ሳልሳይ ኮይኖም። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ - ቅሳነት መርሃዊ ዓዲተክሌዛን ቀዳመይቲ፡ ኣኸበረት ተስፋኣለም ካልኣይቲ፡ ሰለመት ኣሕመድ ሳልሰይቲ ኮይነን ተሸሊመን።

ብወሃሉል ንብሎል ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ውድድር ኣትሌቲክስ ን/ዞባ ከረን፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ን/ዞባ ዓዲተክሌዛን ኮይነን ተሸሊመን። ንብሎል ናይ ኩሉ ዓይነታት ጸወታ ድማ ንኡስ ዞባ ከረን ዓቢዩ ዋንጫ ተሸሊማ።

## ቢንያም ካልኣይ ኣትዩ

ኣብ ናይ 1.ፕሮ መስከቢ. ደረጃ ዘለዎ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክላሲኮ ዱንከርከ፡ ወዲ 31 ዓመት ተቐዳዳማይ ፓስካል ኣከርማን ካብ እስራኤላዊት ክሉብ እስራኤል ብሪመር-ቴክ ዝ መድረኽ ክዕወተላ ከሎ፡ ቢንያም ግርማይ ካልኣይ፡ ኣልበርቶ ዳይነስ ሳልሳይ ኣትዮም። ሄናክ ምሉእብርሃን ድማ መበል 56 ተርታ ሒዙ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ካብ ሰሜናዊ ክፋል ፈረንሳ እትርከብ ከተማ ዱንከርክ ተበጊሶም ኣብ ከተማ ለንስ ዝዛዘም 193.5 ኪ.ሜ. ዝሸፈነ ውድድር እዮም ኣካዪዶም። እዚ ውድድር፡ ከም መዳለዊ ንዘሰዕብ ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ውድድር ዱንከርኩ እዩ ተኻዪዱ።

## ከረን፡ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ይሰላሰል



ብምኽንያት በዓል ናጽነት ክካየድ ዝቕጽ ውድድር ኩዕሶ መርበብ፡ ሰንበት 11 ግንቦት ብኽልተኡ ጾታ ኣብ ከተማ ከረን ቀጺሉ ወዒሉ።

ቀዳማይ ዝገጠማ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ትሕቲ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ትምልመል ዘላ ናይ ግረስ ሩት ጋንታ ኣዳል ምስ ሮራ ተራኺበ። እዚ ጸወታ ሓያል ምትህልላኽ ዝተራእዮ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ሴት ኣዳል ድሕሪ ምዕዋታ፡ ዓብላሊት ኮይና ተራእያ። እንተኾነ ሮራ ድሒራ ብምብርባር ዓወት ኣመዝጊባ'ሞ ተመዓራረያ። ጸወታ እናረሰነ ኣብ ዝኸደሉ፡ ኣዳል ናብ ብቕዓት ተመሊሳ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ 3-ብ1 ተዓወተት። በዚ. ወጽኢት ተሓጊዛ ድማ ናብ ዝቕጽል ውድድር ሓሊፋ።

ድሒረን ዝሰዓባ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ዛራ ምስ ናቕፋ ድማ ተራኺበ። ዛራ ብዘለዋ ብቕዓትን ተመክሮን ብቐሊል ክትዕወት ትኽእል'ያ ዝብል ግምት ነበረ። ጸወታ ብውዕዉዕ ስምምዕ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ዛራ ንዘለወን ተመክሮ ተጠቒመን ንጸወታ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽረን ኣውዒለኦ፣ በዚ. ድማ ንቀዳመይቲ ሴት ተዓወታሉ። እንተኾነ፡ ናቕፋ እውን ወህደተን ብምጥንኻር ኣብ ካልኣይ ሴት ተመዓራረያ። ኣብ መወዳእታ ግን ዛራ ከምቲ ትጽበ.ት ዝተገበረለን ብሉጽ ጸወታ ብምንጽብራቕ 3-ብ1 ተዓወታ'ሞ፡ ናብ ዝቕጽል ጸወታ ሓሊፋ።

እዚ. ሓያልን መሳጥን ምትህልላኽ ክርኣዮ ዝቐጸለ ጸወታታት ኩዕሶ መርበብ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዝመጽእ ሰሙን ብወግዒ. መጋረጃኡ ክዕጾ'ዩ።

እዚ. ከምዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ክካየድ ዝቐጸለ ጸወታታት ኩዕሶ ሰከይት ንኡስ ዞባ ከረን፡ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ደቢ.ዥናት ግጥማቱ ዛዚሙ። እቲ ብቀዳም ዕለት 10 ግንቦት ዝተኻየደ ናይ ዋንጫ ግጥማት ናይ ሳልሳይ ደቢ.ዥን ጋንታታት መጋርሕን ደንደንን ብዘካየድአ ግጥም እዩ ፈሊሙ። ጋንታ መጋርሕ ድማ 48-ብ24 ተዓዊታ።

ሰዒቡ ድማ፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት መጋርሕን ሸሸታን ናይ ካልኣይ ደቢ.ዥን ናይ ዋንጫ ግጥም ተኻየደ። ጋንታ መጋርሕ ድማ 28-ብ19 ወጽኢት ዋንጫ ናጽነት ተዓዊታ።

ኣብ ተመሳሳሊ. ዕለት፡ ደቂ ኣንስትዮ ቀዳማይ ደቢ.ዥን - ላሳለን መጋርሕን ናይ ዋንጫ ግጥም ኣካዪዱ። ላሳለ ብኣዝዩ ገፊሕ ወጽኢት 42-ብ21 ብምዕዋት፡ ዋንጫ ናጽነት ወሲና። ቀጺሉ፡ ንዋንጫ ፍርቂ ፍጻመ መን ሓለፈት ኣብ መንጎ ጋንታታት ቀዳማይ ደቢ.ዥን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ግጥም ተኻየደ። ቀዳመን ናብ ሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት ደንደንን መጋርሕን እየን። ደንደን 59-ብ46 ዓወት ኣመዝጊባ። ቀጺለን ጋንታታት ላሳለን ኣልጌንን ተራኺበ። ጋንታ ላሳለ ድማ 55-ብ44 ብምስዓር፡ ላዕለዋይ ኢድ ሒዛ ናብ ናይ ዋንጫ ግጥም ሓለፈት።

ምዕዳል ሽልማትን መዛዘሚ ጸወታታትን ዋንጫ ናጽነት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ዕለት 17 ግንቦት ክካየድ ምዃኑ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰከይት ይሕብር።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓማሴን | 14/05/25 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ. 1፡ ከባቢ ሴዳው | 120205 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services